# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.105 | ሓሙስ 1 ጥሪ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ዋኒን ኣብ ምጅማር



ገጽ 4 ኣብ ዋዜማ ሓድሽ ዓመት...



ገጽ 5 መንገኛ እንታይ'ዩ



ገጽ 8 ሕንስ ካብ ይ ትርከብ፡




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ። ምሉእ ትሕዝቶኡ ይስዕብ፦

ንዛዝሞ ዘሎና ዓመት፡ ብደረጃ ዞባና፡ ዝሰፍሐ ጎደቦናን ዓለምን፡ ንሰላም፡ ርግኣትን ሓባራዊ ልምዓታዊ ገስጋስን ዝፈታትኑ፡ ዝተሓላለኹ ክስተታት እተጋህደሉ'ዩ ኔሩ።

ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ከቢድ ቅልውላዋት ዝዓብለሎ ሃዋህው፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ከም ወትሩ ንኹሉ ክስተታትን ብድሆታትን፡ ልቦና፡ ዓቕሊን ተጻዋርነትን ዓጢቖም ክምክትዎ፥ ሃገራዊ ርግኣትን ልኡላውነትን ከውሕሱ፥ ምስ ኩሉ ማሕለኻታት ድማ፡ ተልእኾ ሃገራዊ ልምዓት ከሰላስሉ በቒዖም እዮም።

ኣብ ዓመት 2026፡ እዚ ሕላገት'ዚ ብዝያዳ ደሚቑ፡ ገስጋስ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ብዝሓየለ ናህሪ ክቕጽል ሰናይ ትምኒተይ እናገለጽኩ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን፡ ንምዑታት ሓይልታት ምክልኻሉን "የሃና፡ ርሑስ ሓድሽ ዓመትን ልደትን"።

# ሃማመተኤ - ዓመታዊ ገምጋም ስራሕ ኣካዪዱ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ካብ 26 ክሳብ 28 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘቃልዎ ኣኼቡ ገምጋም ስራሕ 2025 ብምኽያድ፡ ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ዘትዩ።



ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻባት፡ ማሕበር ኣብ ምምሕዳራት ከባብን ኣብያተ-ትምህርትን ልዑል ኣተኩሮ ብምግባር፡ ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ፖለቲካውን ወድባውን ንቕሓትን ተሳታፍነትን ዘበርኹ፥ ድሌትን ተገዳስነትን ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዘዕብዩ፥ ማሕበራዊ ንቕሓት ዘደንፍዑን ኣፍራይነት ዘለዎን ወጽኢታውያን መደባት ከምእተተግበሩ በሪሁ።

ማሕበር ብኣተኩሮ ካብ ዘሰርሓሎም መደባት፡ ሲቪካዊ ስልጠናታት፡ ፖለቲካዊ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታት፡ ቅሉውላትታት፡ ፈስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ቅኑ ውዳብ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ምሸሎም ሃብርም ተመሃሮን ካልእን ከምዝጠቓለል ድማ ብዝርዝር ተገሊጹ።

ንምሕያል 'ማእከል መንእሰያት' ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ መትከዲ ወረቐት፡ ማእከል መንእሰያት - መንእሰያት ብፍልጠትን ክእለትን ንቕሓትን ተሳታፍነትን ጥዑና፡ ፈጠራን መካዘትን ሓዊሉም ኣድማዒ ተሳታፍነት ክህልዎም ምእንቲ ስፊሕ ዘተን ክትዕን ተኻዪዱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣብ ተመሃሮን መንእሰያትን ዝዓየድ መነቓቕሒ መደባት ብዝሓየለ ክስርሓሉ፥ ውዳብ ቀያሕቲ ዕንባባ ማዕናዊ ጽልዋኡን ኣድማዕነቱን ከም ዝዓቢ ክግበር፥ ዓቕሚ-ሰብ ማሕበር ንምምዕባል መማእዚ ስልጠና ክወሃብ፥ ንውድድር ዝቐረበ ፈጠራዊ ሓሳባት ሞያዊ ቅጥዒ ኣማሊኡ ናብ ወጽኢት ክሰጋገር፥ ከምኡ'ውን ዝቐየድ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ምስ መድረኽ መኸተ ልምዓት ተሳንዩ ብዝሓየለ ክቕጽል ኣብ ዝብል ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።



ስእሊ. ዮውሃንስ በረከት

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ተተግቢሩ ዘሎ ዕማማት ሳላ ንጡፍ ተሳትፎ ሰድራቤታት፡ ኮም፡ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብዓቢኡ ድማ ንጡፍ ተሳትፎ ተመሃሮን መንእሰያትን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሕጂውን ናብ ምምሕዳራት ከባቢን ትሕተቲኡን ብምውራድ ጽላዊ መደባት ንምኽያድ ብኣተኩሮ ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ ብወገኑ፡ ማሕበር መደባቱ ኣብ ምዝምጋም ኣጥርዩዎ ዘሎ ተመኩሮ ብዝለዓለ ደረጃ ክቕጽሎ፥ ከምኡ'ውን ናይ ሓሙሽተ ዓመት ንድፊ እማመ ስትራተጂያዊ ወጥኑ ናይ መወዳእታ መልክዕ ኣትሒዙ ንትግበረኡ ብዝለዓለ ወኒን ትግሃትን ክብገስ ተላቢዩ።

# ጊንዳዕ - "ተራ መንእሰያት ኣብ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ኣርእስቲ ሰሚናራት ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ "ተራ ሞያውያን መንእሰያት ኣብ ምምዕባል ሕብረተሰብን ህንጸት ሃገርን" ብዝብል ኣርእስቲ ሰሚናራት ተኻዪዱ።

እቲ ን400 ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ሰኑቢት ማይሓብርን ተሓጊዙ ኣብ ርእሲ ጊንዳዕን ዘተዋህበ ሰሚናራት፡ ኣበርክቶ ሞያውያን መንእሰያት ኣብ ምሕያል ኮምን ሕብረተሰብን ንምሕያል ንምባል ዝዓለመ'ዩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓጽዕ መንእሰይ ዳዊት ተኽለማርያም ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ መንእሰይ ሳልሓዲን ዓሊ፡ ኣብ ሞያን ሞያውነትን፡ መለለዩ ክብርታት ሞያውነት፥ ስራሕ ብመንጽር ሞያ፥ ሕብረተሰብ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሞያውነት ዝሓለፎም ተመኩሮታት፥ ኣበርክቶ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ኣብ ሰውራ ኤርትራ፥ ግደ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ኣብ ምህናጽ ሃገር ብመንጽር ተመኩሮ ካልኦት ሃገራት፥ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገዳስነት ሞያውነት ኣብ ኤርትራ ዘተኩረ መግለጺ ሂቦም።

ርእሰመምህራን ናይ'ተን ኣብያተ-ትምህርቲ ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ሰሚናር ብምጥቃስ፡ እቲ ዝደለ ዕቤትን ምዕባለን ንምርግጋጽ፡ መንእሰያት ኣብ ሕብረተሰብ ሃናጺ ተራን ቦታን ክህልዎም መሰረታዊ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሮም።

**ርሑስ ሓድሽ ዓመት - 2026**

# ከረን - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ ብ22 ሚእታዊት በሪኹ



ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን፣ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብ22 ሚእታዊት ክብ ብምባል 71 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ፡ ብ27 ታሕሳስ ኣብ ዝተኻየደ ዓውደ-ዘተ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ "ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ንዝተረኽበ ዓወት ዓቂብና ብዝለዓለ ወህደት ንቕድሚት ንስጉም" ብዝብል ቴማ ዝተቓነዐ ዓውደ-ዘተ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር የሴፍ ዑቕባስላሴ፡ ተረኺቡ ዘሎ ዘተባብዕ ውጽኢት፡ ፍረ ናይ'ቲ ብወህደት ዝምልከቶም ኣካላት ዝተሰላሰለ ስራሕ ከም ዝነበረ ገሊጹ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ወኪል ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ሓምድ ሰዒድ ብወገኑ፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ተሳታፍነት ጥራይ ዘይኮነ ተወዳደርቲ'ውን እናበረኸ ምምጽኡ ብምሕባር፡ እዚ ክዕቀብ ከም ዘለዎ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንዝበለጸ ውጽኢት - ዝበቑ ብልጫታትን ብደሆታትን ብዝርዝር ክልለዩ፡ ዝምድና ወለዲ ምስ ቤት-ትምህርቲ ክዓዚዝ፡ ተማሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ኣመሃህራ ክድፋኣሉ፡ ዓቕሚታት መምህራን ንምሕያል ስልጠናታት ብቐጻሊ ክወሃብ፡ ከምኡ'ውን ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ዓወት መንፈስ ከስርጻ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘ ኣርኣያ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ኩሉ ኣካል እጃሙ ከበርክት ብምዝኽኻር፡ ጨንፈር ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ከረን ብፍላይ ሒዝዎ ንዝጸንሐ መደብ ብዝለዓለ ክደፍኣሉ ተላቢዩ።

# ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ብተሳትፎ ከም ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ኣካላትን ኣብ 2025 ንዝተተግበረ መደባትን ኣድማዕነቱን ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት 2026 ዝዘተየ ኣኼባ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ብ30 ታሕሳስ ኣብ ባጽዕ ዝተገብረ ኣኼባ፡ "መኣዘዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ዝብል ሸቶ ንምስላጥ ዝተዓመ መደባት፣ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፣ ልምዓት ብቑልን እንስሳን፣ ኩነታት ማሕረስን ብደሆታቱን፣ ንጥፈታት ናብራ ዕብየት፣ ቀረብ መኻዕበቲ እቶት፣ ሕጋጋትን ቁጽጽርን፣ ከምኡ'ውን ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒን ሪብላታት ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት ኣብ ግራት ሓረስቶትን ዝምልከት ጸብጻባት፡ ብሓለፍቲ ኣሃዱታት ቀሪቡ።

ብተወሳኺ፡ እቶት ንምስሳን ብመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ሽዕብ፡ ጊንዳዕን ፎሮን ኣተኣማኒ ንጥፈታት ከም ዝተሰላሰለ፣ ኣብ ኣሰራርሓን ኣጠቓቕማን ባህርያዊ ደኸዒን ጋብላዊ ቆፎን ድማ ንሓረስቶት ስልጠናታት ከም ዝተዋህበ በሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ብቑሊ ኣቶ ተስፋት ገብረእግዚኣብሄር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝተኻየደ ኩለመዳያዊ መደባት ብሓፈሻ፡ መኣብሮ ሓረስቶት ንምልዋጥ ዝተሰላሰለ ድማ ብፍላይ ውጽኢታዊ ምንባሩ ብምግላጽ፡ እቲ መደብ ኮማዊ ሰረት ንኽሕዝ ምስ ሓረስቶትን ምምሕዳራትን ብወህደት ምስራሕ ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ንኣባላት ስልጠናታት ክውሃብ፣ መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብምዕሩይነት ንምብጻሕ ብወህደት ክስራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣገዳስነት ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት ኣብ ግራት ሓረስቶት ዕዙዝ ብምዃኑ ብሰፊሑ ክድፋኣሉ ዝብል ለበዋታት ኣቕሪቦም።



ሰኣላይ ኢብራሂም ዑመር

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ሚከኤል ተኪኤ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዘሎ ሕርሻዊ ጸጋታት ብዝበለጸ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ተራን ኣበርክቶን ሰብ ሞያ ሕርሻ ክብ ክብል፣ እቶታውነት ንምስሳን ብመደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ዝተሰላሰለ ዘሎ ዕማም ንምስፍሕፋሕ ድማ፡ ምስ ሓረስቶት ብቐረባ ምስራሕ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

# ማእከል - ብዓውድታት ስነ-ጥበብ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመሪቖም

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል፡ ብትልሂት፡ ድራማን መሳርሒ ሙዚቃን ዘሰልጠኖም 52 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 131 መንእሰያት፡ ብ26 ታሕሳስ ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ዋና ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ኣቶ ኣስመሮም ጺጉብርሃን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝንኣሰ መንእሰያት ተሰሊዩ ብቕዓቶም ንምብራኽ፣ ብኡ ኣቢልካ ድማ ባህሊ ንምዕቃብን ናብ ወለዶታት ንምስግጋርን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ክሰላሰል ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ኑቲ መደብ ንምሕያል ወጥን ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ባህሊ ኣቶ ስራጅ ማሕሙድ ኣብ ዘቐረቦ ጸብጻብ፡ እቲ ስልጠና ካብ 13 ንኡስ ዞባ ማእከል ንዝተዋጽኡ መንእሰያት፡ ብበምድቡ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ከም ዝተዋህበ ብምጥቃስ፡ 68 ብትልሂት፡ 55 ብድራማ፡ 8 ድማ ብመሳርሒታት መዚቃ ከም ዝሰልጠኑ ገሊጹ።

ኣብ ስልጠና ዝበቑ ብልጫታት ክዕቀቡ፣ ብደሆታት ከም መማሃሪ

ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ ብተመረቕቲ ዝቐረበ ንውጽኢት ናይ'ቲ ስልጠና ዝገንጸባርቕ ትሕዝቶ ብምምጓስ፡ ተወሳኺ ዓቕሚ ንምድህላስ ኩለን ንኡሳን ዞባታት በብዓቕመን ክሳተፋን ፍርያተን ከቕርባን፣ ዝምልከቶም ኣካላት ድማ ኑቲ መደብ ንምዕማቕን ንምስፋሕን ብወህደት ክፀዱ ከገልግሉ፣ ሕጽረታት ድማ ኣብ ቀጻሊ ፍታሕ ክናደየሎም ብምዝኽኻር ድሙ፡ እቲ መደብ ኣብ መጻኢ ንኹለን ንኡሳን ዞባታት ዘሳትፍ ንክኸውን ከም ዝሰራሕ ኣረጋጊጹ።

ተላብዩ።

ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝደመቐ ስነ-ስርዓት፡ ንኣሰልጠንቲ፡ ተመረቕቲ፡ ከምኡ'ውን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።



ስእሊ ዳኒኤል ወልዱ

ለማ ኣብ ERI-TV

ርሑስ ሓዲሽ ዓመት 2026 ክኾነልኩም እናተመነና፡ ናይ ለማ መደብና ካብ ሰዓት 9 ንግሆ ጀሚሩ ብዝተፈላለየ ትሕዝቶ ዝተሰነየ ክኸውን'ዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጐስ

## ዋኒን ኣብ ምጅማር



ዋኒን ብሓሳብ እዩ ዝጅምር። ዋኒን ክምስርትን ክካይድን ዘኽእሎ ሓሳብ ዘለዎ ሰብ ድማ ሒደት ኣይኮነን። እንተኾነ ሓሳብ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ኣብ ዋኒን ዕዉት ንምዃን ዘገድስ ባህግን ምህዞን ጥራይ መሲልዎም ወፍሪ ዝካይዱ ብዙሓት'የም። መብዛሕትኦም ኣብቲ ዋኒን ድማ ዕዉት ኣይከውንን። ቀንዲ ምኽንያት ናይቲ ውድቀት ከኣ ድኹም ውጥንን መኣዝን ዋኒንካ ክተነጽር ዘይምኽኣልን እዩ። ነዚ ሃገፍ ንምዕባስ ድማ ዋኒን ክንጅምር ኣብ ንሓስበሉ እዋን ነቲ እንሓስቦ ዋኒን ዝሰማማዕ ሞዴል (ኣቃውማ) ክህልወና የድሊ።

ኣብ ዋኒን፡ እቲ ዝቐውም ዋኒን ኣብ ዘሰላስሎ ተግባር ብኸመይ ክብሪ (ቫልዩ) ይፈጥር፡ ነቲ ዝተፈጥረ ክብሪ ብኸመይ የቕርቦን ነቲ ፋይዳ ብኸመይ ይእክቦን ዘነጽር ወይ ዝገልጽ ሞዴል ኣድላዪ እዩ። ሞዴል ዋኒን ዝበሃል ድማ እዚ ዕላማ ዘሰላስል'ዩ። ናይ ዋኒን ሞዴል፡ ዋኒንና ኣኽሳብን ውሑስን ኮይኑ ዝቕጽለሉ መገዲ ዘርኢ መርሓ'ዩ። ነዚ ኣብ ምንጻር ድማ ዓሚልና መን'ዩ? ኣየናይ ብድሆ'ዩ ፍታሕ ዝረኽብ ዘሎ? እቲ ዋኒን ከመይ ኣቢሉ ትርፊ ወይ መኽሰብ ይረክብ? ንዝብሉ ሕቶታት ምምላስ የድሊ። ነዚ ሕቶታት ንምምላስ ካብ ዘኽእሉ ሞዴላት ዋኒን ሓደ ድማ ካንቫስ ሞዴል ዋኒን (ቢዝነስ ሞዴል ካንቫስ) እዩ።

ካንቫስ ሞዴል ዋኒን (ካሞዋ) ብዛዕባ'ቲ ዋኒን ንምጅማር ይኸውን'ዩ እንብሎ ሓሳብ ዘለና ግንዛበን ዝምዕብለሉ ተኽእሎን ንምንጻር ዘገልግል ዓቢ መሳርሒ'ዩ። እዚ ብኣለክሳንደር ኦስተርዋልደርን የቬስ ፒግነርን ዝተዳለወ ሞዴል ናይ ዋኒንና ሓሳብ ብቐሊሉ ንኽንግንዘቦን ኣጠቓላሊ መረዳእታ ክህልወናን ዘኽእል'ዩ። ካሞዋ፡ ዝተፈላለየ ግን ከኣ መሰረታዊ ሓበሬታ ብዝተወደነን ስእላውን ኣገባብ ዝቐርበሉ ሜላ ብምዃኑ ኣገዳሲ መሳርሒ ይገብሮ። ካሞዋ፡ ንዋኒንካ ዝገልጽ ነዊሕን ዓቕሊ ዘጽብብን ሰነድ ወይ ውጥን ዋኒን ካብ ምድላው ዝገላግል፡ ኣብ ሓንቲ ንጽል ገጽ ምስ ዋኒንካ ዝተኣሳሰሩ መሰረታውያን ኣዕኑድ ዝግለጹሉ ኣገባብ'ዩ።

ካሞዋ፡ ብትሽዓተ ዓምዲ ዝቘመ ሞዴል'ዩ። ነፍሲወከፍ ዓምዲ ድማ ብንጹር ትፍለየሉን ትልለየሉን ደረት ኣለዋ። ኣብ ነፍሲወከፍ ዓምዲ ንዘለና ኩነታት ዝምልከት ሓጸርቲ ነጥብታት ዝሰፍረለን ብጥንቃቐን ልክዕነትን ዝተወደና ሳናዱቕ ድማ ይሕዝ። ኣወዳድና ናይቲ ሞዴል ከኣ ኣብ መንጎ'ተን ዓምድታት ምምልላእ ዝድርኽ ብምዃኑ ንነፍሲወከፍ ዋኒን ዝሰማማዕ ስትራተጂ ንምምዕባል የኽእል። እተን ኣብዚ ሞዴል ዝሕቈፋ ትሽዓተ ዓምድታት ከኣ ምንጻር ዓሚል፡ ዝተተለመ ክብሪ፡ ምንጻር መስመር፡ ዝምድና ምስ ዓሚል፡ ምንጪ ኣታዊ፡ ቀንዲ ጸጋታት፡ ቀንዲ ንጥፈታት፡ ቀንዲ መሻርኽትን ተኽፈልትን ዝብላ እየን። ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ ነፍሲወከፍ ዓምዲ ድማ ስዒቡ ቀሪቡ ኣሎ።

### 1. ምንጻር ዓሚል

ዓሚል ማእከል ናይ ዋኒን እዩ። ዋኒን ጀሚርካ፡ እግራ-ተኺልካ ክሳዕ ትድልድልን ብድሕሪኡን ንፍርያትካ ዝጠልብን ዝዕድግን ማለት ዓሚል ክህሉ መሰረታዊ'ዩ። እንተኾነ ዓሚል ዝብል መግለጺ ሓፈሻዊ ስለዝኾነ ዋኒን ኣብ ንጅምረሉን ነካይደሉን ዓማዊልና መን ምዃኖም ምፍላጥን ምንጻርን ኣገዳሲ ይገብሮ። ኣብ ምንጻር ዓሚል ኣብ ግምት ካብ ዝኣትዉ ረቛሕቲ ድማ ዓይነት ፍርያት፡ ዕድመ፡ ጾታ፡ ጆኦግራፍን ኣገባብ መሸጣን ምጥቃስ ይከኣል። በዚ ዝተጠቕሰ ረቛሒ ዝፈላለዩ ዓማዊል ዝተፈልየ ጠለባት፡ ትጽቢታትን ባህርያትን ስለዘለዎም ንዕኡ ኣነጺርካ ምፍላጥ ንዕኡ ዝምልሽ ፍርያት ንምቕራብ ሓጋዚ ይገብሮ። ብተወሳኺ፡ ዓማዊልና ካብ ዋኒንና ትጽቢቶም እንታይ ምዃኑ ምፍላጥ ከምኡ'ውን ድሌታቶም ዘማልኡ ኣማራጺታት ብቐጻሊ ምህዞን ምሕየሻን ምቕራብን 'ውን ኣገዳሲ'ዩ።

### 2. ዝተተለመ ክብሪ (ቫልዩ ፕሮፖዝሽን)

ዝተተለመ ክብሪ ማለት በቲ እነካይዶ ዋኒን ንዓማዊልና ይበቅዕ'ዩ ኢልና ናብኦም ከነቕርቦ ቀሪብናዮ ናይ ዘለና ኣቕሓ ወይ ኣገልግሎት ፍሉይ ክብሪ ወይ ረብሓ የመልክት። ኣብ ዕዳጋ፡ ንዋኒንና ካብ ካልኦት ዋኒን ዝፈልያ ድማ እዚ ክብሪ'ዩ። ኣብዚ ዓምዲ፡ ስለምንታይ ዓማዊል ካብ ዋኒንና ይዕድጉ? ከምኡ'ውን መወዳድርትና ዘኾና ዋኒን ዘየቕርብኡ ብዋኒንና ጥራይ ዝቐርብ ሓድሽ ወይ ዝተመሓየሸ ነገር እንታይ እዩ? ዝብሉ ሕቶታት ይምለሹ። ሓንቲ ዋኒን ክትዓብን ክትዕወትን ከምኡ'ውን ተወሳኺ ክብሪ ዘደልዩ ዓማዊል ከይርሕቐዋን ክብሪ ትፈጥር ክትከውን ኣለዋ። ክብሪ ክበሃል እንከሎ ዓሚል ንዝኸፍሎ ገንዘብ ዝምጥን ፋይዳ፡ ብቕዓትን ስሉጥነትን ኣገልግሎት ምጥቃስ ይከኣል። ነዚ ዝተጠቕሰ ክብርታት ንምፍጣር ድማ ብሓፈሻ ኣብቲ ዕዳጋ ዘሎን ዝንደለን ክብሪ፡ ብቐንዱ ከኣ ብዓማዊል ዝድለ እንተሎ ዝጎደለ ጠለብ ምፍላጥ ወሳኒ'ዩ።

### 3. ምንጻር መስመር (ቻነል)

እዚ፡ ብዋኒናዊ ንጥፈታትና ንዝተዋደደ ክብሪ ወይ ፋይዳ ናብ ዓሚል ዝበጽሓሉ መስመር ወይ ኣገባብ ምንጻር ማለት'ዩ። ኣብዚ ዓምዲ፡ ዓማዊልና ብዛዕባ ዋኒንና ወይ ፍርያት ዘለዎም ኣፍልጦ ብኸመይ የዕብዩ? ብኸመይ ኣገባብ ይዕድግዎ? ድሕሪ ዕድጊ ንህቦም ኣገልግሎት እንተሎ ብኸመይ ንህቦም? ዝብሉ ሕቶታት ምምላስ የድሊ። ንኣብነት ንቕሓት ዓማዊልና ንምዕባይ ሰሩዕ ምውዕዋዕ፡ ማሕበራዊ ርክባትን መራኸቢታትን ምጥቃም ኣፍረይትን ዓደግትን ኣብ ምግጣም ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ዋኒን ነቲ ተፍርዮ ዝዕድጉን ዝጥቀምሉን ተገልገልቲ ብኸመይ ይፈልጥዎን ይረኽብዎን ክተነጽር ኣለዋ። ምስ ዓማዊል ብቐጥታ ማለት ባዕላ ብምሻጥ ድያ ክትራኸብ ወይስ ብተዘዋዋሪ ማለት ብመገዲ ወኪላት ክንጽር ኣድላዪ እዩ።

### 4. ዝምድና ምስ ዓሚል

ኣብ ምኪያድ ዋኒን ሓደ ካብ ቀንድን ኣገዳስን ዕማም ምሕያል ዝምድና ምስ ዓሚል'ዩ። ሓንቲ ናይ ዋኒን ትካል ምስ ዓማዊል ዘለዋ ዝምድና ብኣንክሮ ትኹስከሶን ተማዕብሎን እንተኾይና ብተገልገልታ እምንትን ዘይትጥለምን እያ ትኸውን። እዚ ተግባር ድማ፡ ዕዳጋ ብእኡ ኣቢሉ ከኣ ቀጻልነት ዘውሕስ'ዩ። ዓማዊልና ምስ ፍርያትና ወይ'ውን ዋኒንና ቀጻልን ተደጋጋምን ርክብ ክህልዎም ብምግባር ዝተሃንጸ ዝምድና ድማ ዝደልደለ'ዩ። ስለዚ፡ ህሉውን መጻእን ዝምድናና ምስ ዓሚል ንገልጸሉ ጭቡጥ መምርሒ ክህልወና ኣገዳሲ'ዩ። እዛ ዓምዲ ድማ ነዚን ተዛመድትን ነጥብታት ብንጹር ንምስፋርን ንምስልሳልን ንጥቀመላ።




### 5. ምንጪ ኣታዊ

እዛ ዓምዲ፡ እቲ ነካይዶ ዋኒን ምንጪ ኣታዊታቱ እንታይ ምዃኑ ዝንጸረላ'ያ። ነዚ ንምንጻር ድማ ገለ ክንምልሸን ዘለና ሕቶታት ኣለዋ። ናይ ኣታዊና ምንጪ እንታይ እዩ? ኣቕሓ ብምሻጥ ድዩ ወይስ ናይ ኣገልግሎት/ተጠቃምነት ክፍሊት ብምስላዕ? ብኽራይ ድዩ ካልእ ኣገባብ ምንጻር ኣገዳሲ'ዩ። ዋኒንና ዘቕርቦ ፍርያት ንምጥቃም ዓማዊል ክንደይ ክኸፍሉ ይኽእሉ? እቶት ዝርከበሉ ምንጪ ምፍጣር፡ ቀጻልነት ናይ ዋኒንና ዘውሕስ ብምዃኑ ኣገዳሲ ዕማም'ዩ። እቶት ዋኒንና ንምዕባይ ዘኽእል ዝምድና ክንሓስብ እንከለና ድማ ዓማዊል ዝብል ኣምር ምስ ውልቀሰብ ጥራይ ከነዛምዶ የብልናን። ምስ ካልኦት ዋኒን ዝምድና ብምሕያል'ውን እቶትና ከነዕቢ ከም ንኽእል ምግንዛብ የድሊ።

### 6. ቀንዲ ጸጋታት

ጸጋታት፡ ቁጠባዊ ንጥፈታት ናይ ዋኒንና ይኹን ትልምና ብዓወት ንምፍጻም ወሰንቲ እዮም። ኣብዚ ዝሕቈፉ ጸጋታት ንዋታዊ፡ ፋይናንሳዊ፡ ሰብኣውን ኣእምሮኣውን እዮም። እዚ ጸጋታት ኣብ ጥዕናን ዓወትን ናይቲ ነካይዶ ዋኒን ወሳኒ'ዩ። ንኣሸቱን ጀመርትን ዋኒን ብዝያዳ ኣብ ሰብኣውን ኣእምሮኣውን ጸጋኦን ይምርኮሳ። ኣብ ሓበሬታን ተክኖሎጅን ዝነጥፉ ዋኒን ድማ ኣብ ቅልጣፈ ናይ ዝጥቀማለን ኮምፕዩተራት የተኩራ። ስለዚ፡ ንዓና ዘለና ቀንዲ ጸጋ እንታይ እዩ ከምኡ'ውን ነቲ ንሓስቦ ዘለና ዋኒን ዘድሊ ቀንዲ ጸጋ ኸ እንታይ እዩ ምንጻርን ምዝማድን ኣብዛ ዓምዲ ይካየድ።

### 7. ቀንዲ ንጥፈታት

ናይ ዋኒንና ቀንዲ ንጥፈታት ምንጻር ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ዓሚል ዝደልዮ ክብሪ በቲ እንፍጽሞ ወይ እነሰላስሎ ንጥፈታት ስለዝፍጠርን ንእቶትና ድማ ብቐጥታ ስለዝጸልዎን። ቀንዲ ንጥፈታት፡ ኣብ ዓይነት ናይ ዋኒን ስለዝምርኮስ ድማ ካብ ዋኒን ናብ ዋኒን ክፍለ ባህርያዊ'ዩ። ብሓፈሻ ኣገላልጻ፡ ቀንዲ ንጥፈት ንተግባር ኣብ ዘመልክት ሰለስተ ዓበይቲ ምድብ ክምቀል ይኽእል፣ ምፍራይ፡ ምፍታሕ ምምጻእ ከምኡ'ውን መድረኽ ወይ መርበብ ምፍጣር።

- ምፍራይ፡ ምስ ናይ መስንዕ ፍርያት ከም ጫማ፡ ባኒ፡ ኮምፕዩተር ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎም
- ፍታሕ፡ ድሌት ዓሚል ንምምላእ ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ወይ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ዘተኩር
- መርበብ፡ ብኸፊል ወይ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ኢንተርነት ዝምርኮሱ (ኦንላይን ሾፒንግ ሳይት ኦር ባንክስ)

### 8. ቀንዲ መሻርኽቲ

መሻርኽቲ ክበሃል እንከሎ ኣብቲ ነካይዶ ዋኒን ጽልዋ ወይ ተገዳስነት ዘለዎም ማለት'ዩ። እዚ ከኣ ነቲ ነካይዶ ዋኒን ብእወታ ወይ'ውን ብኣሉታ ዝትንክፍ'ዩ። ስለዚ፡ ብምስትውዓል ዝሓረናዮም ደረኽትን ተኣመንትን መሻርኽቲ ምህላው ኣብ ዕብየትን ተወዳዳርነትን ናይ ዋኒንና ሓይሊ ዝፈጥር'ዩ። ዓይነት ናይቲ ሽርክነት ድማ ኣብ ዕላማ ናይቲ ዋኒን ይምርኮስ። ንኣብነት፡ ኣብ ዕዳጋ ናይ እነቕርቦ ፍርያት መጠን ከነዕቢ ምስ ንደሊ ንኻልኦት ኣፍረይቲ ንኡስ-ኮንትራት ክንህብ ዘኽእል ሽርክነት የድልየና። ኣብ ዕዳጋ ናይ ምውድዳር ዓቕምና ምስ ዘደክም ምስ ካልእ ዋኒን ብምሕባር ጸጋታትና ከነወሃህድ ንኽእል። እቲ መሻርኽትና ትካል ወይ ውልቀሰብ ክኸውን ይኽእል። እቲ ቀንዲ ነገር፡ ኣብ ዕብየት ትካልና ወሳኒ ዝኾነ ደገፍ፡ ምኽርን ካልእን ዝህበና ምዃኑ'ዩ። ኣብቲ ንነጥፈሉ ዓውዲ ዝዋሰኣ መወዳድርታና ዝኾና ዋኒናት'ውን መሻርኽትና ምዃነን ምዝካር ድማ ኣገዳሲ'ዩ።

### 9. ተኽፈልትን ምድባቱን

ዋኒን ተኽፋሊ ወይ ወጻኢ ዝግበረሎም ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ምኪያድ ይሓትት። እዛ ዓምዲ ድማ ነቲ ዋኒን ኣብ ምኪያድ ዘድልዩ ቀንዲ ተኽፈልቲ (ኮስት) ዝግለጸላ'ያ። ክብሪ ምፍጣር፡ ምስ ዓማዊል ዝምድና ምዕቃብ፡ እቶት ምርካብ ወዘተ. ወጻኢ ዝሓትት ዕማም'ዩ። ምውዕዋዕ ተኽፋሊ ዘድልዮ ሓደ ኣብነት'ዩ። ብሓፈሻኡ፡ መጠን ናይ ወጻኢና ወይ ተኽፋሊና ቀንዲ ጸጋታት፡ ንጥፈታትን ዝምድናታትን ምስ ነጸረ ክቐመር ይኽእል'ዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ነዘን ትሽዓተ ዓምድታት ኣብ ክልተ ተወሰኽቲ ክፍሊ መቒልና ክንርእየን ንኽእል። ክብሪ ዝፈጥራ ዓምድታት ከምኡ'ውን ፋይናንሳዊ ሚዛን ዘርእያ። ዓምዲ ቁጽሪ 5 ከምኡ'ውን 9 ፋይናሳዊ ሚዛን ዋኒንና ንምርኣይ ዝሕግዛ እየን። እተን ዝተረፋ ዓምድታት ከኣ ኣብ ምፍጣር ክብሪ ዝተኩራ ዓምድታት እየን።

ነዛ ሞዴል ናይ ዋኒን ሓሳብና ኣብ ምርጣብ (ምብሳል)ን ምውዳንን ክንጥቀመላ ኣብ ንብገሰ፡ በየናይ ዓምዲ ምጅማር ይብልጽ ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድን'ዩ። ገለ ክኢላታት፡ ፈለማ ዓማዊልና ክነነጽር ኣለና። ብድሕሪኡ ናብተን ካልኦት ዓምዲ ነብል ይብሉ። ካልኦት ድማ ፈለማ እቲ ናብ ዕዳጋ ወይ ዓማዊልና ከነቕርቦ ንሓስብ ክብሪ (ቫልዩ) ክነነጽር ኣለና። ብድሕሪኡ ድማ ናብቲ ካልእ ንቕጽል ይብሉ። ንሕና ድማ ነዚ ክልቲኡ መረዳእታ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ እንሓስቦ ዋኒን ካብዘን ክልተ በየን እንተጀመርና ይምረጽ ክንውስን ንኽእል ኢና።

# ኣብ ዋዜማ ሓድሽ ዓመት . . .

ዳህላክ ነጋሲ




ደቂሰብ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ክንዕወት ንበህግ ኢና። ስለዚ ድማ ኣብ መጻኢ ኣድማዒ ወጽኢት ክሕፈሶ ዝኽእል ውጥን ንሕንጽጽ። ገለ ሰባት፡ ኑቲ ዝበህግዎ ለውጢ ንኽጭብጥዎ ብዚይ ወጻልሕደር ክጻዩ እንክለው፡ ብኣንጻሩ ገሊኦም ኣብ ፍሉይን ወሰንን መዓልቲ ንኽፍጽምዎ የወንዘፉዎ። እዚ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ማእለያ ዘይብሎም ኣብ ሓጻር ይኹን ድሕሪ ሓያሎ ዓመታት ክተግብርዎም ዝሕልኑ ወጥናት ክሕንጽጹ ይረኣዩ። ኣብ እተፈላለዩ ከርናዕ ዓለም ዝዑበሩ ህዙበታት፡ ንሓድሽ ዓመት ብትሰፉዉን ፍሰቱህን መንፈስ ይቕበሉዋ። በዚ ከኣ እዛ ሓዳስ ዓመት ካብቲ ዝሓለፈ ዓመታት ዝበለጸ ጥዕና፡ ሰላም፡ ሓገሱ፡ ዕድላት ኮታስ ኩሉ ድሌታቶም ዝፍጸመላ ንኽትከውኖም ንሓድሕዶም ሰናይ ትምኒቶም ይገልጹ። ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት፡ እንሕንጽጾም መደባት ኣዘዮም ብርክት ዝበሉ እዮም። መብዛሕትና ኣብዚ ቅንያት ምስ ወሻጥና ይኹን ቀረብትና "ካብዚ ክኣብር'የ፡ እዚ ክውንን'የ፡ እዚ ጉዳይ ኑቲ ክጭብጥ'የ . . . " እናበልና ማእለያ ዘይብሎም መብጽዓታት ንኣትው። ኣብ ጉዕዞ ምንባር ለውጢ ይኹን ዕቤት ኣጉዳሲ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ጥራይ ክኾውን ኣይግባእን። ምኽንያቱ ዓመቱ-መጸ እንኣትምም መብጽዓታት



ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ተመሊስና ምስ እንፍትሾም፡ ክንደይ ካብኦም ኩን ኣተግቢርናዮም ንኸውን ብምባል ንገዛእ-ርእስና ምስ እንወቅስ እቲ እንረኽቦ ምላሽ ኣዕጋቢዶ ይኸውን። ክንዲ ዝኾኑ ንሓደ ነገር ንኽንፍጽሞ ግድን ኣይኮነን ሓድሽ ዓመት ጥራይ ክንጽበ ዘለና። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ ቅንያት መደባት ስለ ዝሓንጸጽና ጥራይ፡ ኣብታ እትቕጽል ዓመት ዓብይቲ ዓወታት ክንገናጸፍ ከም ዘይንኽእል ክንግንዘብ ይግባእ። ምኽንያቱ እቲ ክንበጽሖ እንደሊ ደረጃ ዕብየት ሎሚ ብእንፍልጦም ንኣሽቱ ንጥፈታት ከም ዝጀምር ተገንዚብና፡ ዝያዳ ኣብ ምትግባሩ ከተኩር ስለ ዝግባእ። ንኣብነት፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዓመታት ክንጭብጦ ንእንደሊ ደረጃ ዕብየት፡ ጸገሕ ዘይኮነ ሎሚ ብእነጥገሶ ዕምምት ከም ዝሀሰጽ ክንርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

ንኹልና ብዘይኣፈላላይ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ንዘተዓደለና 24 ሰዓታት፡ ብኸመይ ኣብ ረብሓና ነውዕሎ ፈሊጥና ብጥበብ እንተ ሰሪሕና፡ ኣብ መፈጸምታ ፍረ-ጻዕርና ክንሓፍስ ግድን እዩ። ከም ዝፍለጥ ኣብ ጉዕዞ ምንባር ቁራጸኝነት ኣገዳሲ እዩ። ኣብቲ ክንገዓም እንደሊ ስርሓት ተወሳወልቲ ወይ ላንጋ-ላንጋ ንብል እንተ ኼንና ክንዕወት ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ስለዚ፡ ኣቓዲምና ዘድልየና ብጥበብ ብምፍታሽ፡ ክመጽእ ዝኽእል ዕንወት ብኣግኡ ክንከላኸሎ ንኽእል። እንተኾነ ምሕር

ምጥርጣር ኑቲ ኣብ እዋኑ ክንገዓም ዝግበኣና ተግባር ካብ ምፍጻም ኣታሪፉ ኣሉታዊ ወጽኢት ከስዕበልና ይኽእል። ወትሩ እቶም ልምዲ ምውንዛፍ ኣብ ወሽጦም ዝሰረጸ ሰባት፡ ዝህንጠይዎ ለውጢ ኣብታ እትመጽእ ዓመት ንኽተግብርዎ ብምሕላን ሕልምታቶም እናቐተሉ ይነብሩ።

ከም ዝፍለጥ፡ ምውንዛፍ ግዜና ጥራይ ኣይኮነን ዝሰርቀና እንተላይ ዕድላትና፡ ዓወታትናን ካልእ ብልጫታትናን'ዩ ዘምንዝዓና። ሓደ ሰብ ኣብቲ ዝተዋፈረሉ ዕማም ምውንዛፍ ዘዘውትር እንተኾይኑ፡ ናብቲ ክበጽሖ ዝደለ ደረጃ ዕብየት ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ። እቲ ምንታይ፡ ምውንዛፍ እንተሎ ዓወት ስለዘየለ። ክንዲ ዝኾኑ ብምውንዛፍ እተሃልለ ንኻን ዓወት ክህሉ'ውን ፍጹም ዘይሕሰብ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ ምውንዛፍካን ትህኪትካን ዘሸሰርኑዮ ዕምምት፡ ኣብ'ዛ እትመጽእ ዓመት ክርክበሉ'የ ኢልካ ትሕልን እተሃሊኻ ንገዛእ-ርእስኻ ትቕሸሽ ከም ዘለኻ ኣይትዘንግዕ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ልምዲ ዝተፈላለዩ ወልፈታት ዘለዎም ሰባት፡ "ዚ ወልፊ ኣብ ሓድሽ ዓመት ጠቕሊለ ክገድፎ'የ" ክብሉ ብተደጋጋሚ ይሰምዑ እዮም። እንተኾኑ ወዮ ሓድሽ ዓመት ደቓይቕ፡ ሰዓታት፡ መዓልታት፡ ሰሙናትን ኣዋርሕን ተላዒልዎ ከብቅዕ ኑቲ ወልፊ ጠቕሊሎም ክርሕርሕዎ ይትረፍ፡ ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽልዎን ኣብ ዓዘቕቱ ክሰጥሙን ይረኣዩ። ኣብዚ ክንስሕቶ ዘይብልና ገለ ውሑዳት ዘይኩኑ፡ ኑቲ ዘጠሰዎ ሓሳብ ናብ ተግባር ብምስግጋር ኑታ ሓዳስ ዓመት ብሓደሽ መንፈስን ስርዓትን ክቕበልዋ ይረኣዩ እዮም። በዚ ከኣ ካብቲ ሓሊኾ ሒዞምዎ ዝነበረ ወልፈታት ተናጊፎም፡ መለኽቲ ወይ ተቛጸጸርቲ ስምኢታቶም ይኾኑ። ብኣንጻር'ዚ፡ ብዙሓት

ኣብ ደሮ ሓድሽ ዓመት "ካብዚ ወልፊ ጸገሕ ጠቕሊለ ክገላገል'የ" እናበሉ ክፍትሩን ክምድሩን ኣምሰዮም፡ ኣንጊሆም መሬት ከይወገሐ ናብቲ ዝዕቑበሉ በዓቲ ወልፍታቶም ከምርሑ ይረኣዩ። ስለዚ፡ ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት ካብ ጎዳኢቲ ወልፍታት ክትናገፍ ምድላይ ጽቡቕ እኳ እንተኾኑ ለውጢ ኣብ ሓደ ረፋድ ከም ዘይመጽእ ኣሚንካ ሎሚ ብውሑድ መጠን ንኽተጉድሎ ስጉምቲ ክትፍልም ይግባእ።

ኣብዚ ቅንያት ብዙሓት ኑቲ ጽንብል ብፊንጠዚያን ዋዕዋዕታን ንኽብዕልዎ ኣቓዲሞም መደባት ይሕንጽጹ። ንኣብነት፡ ምስ ስድራ-ቤቶም ይኹን መሓዙቶም ንምጽንባሉ ናብ ማዘናግዒ ማእከላት ክኸዱ ወይ ናብ እተፈላለዩ ከተማታት ክገሹ ይረኣዩ። እቲ ሓድሕድ ምትእኽኻብ ዝጸላኢ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ ጽንብላት መጠኑ ዝሓለፈ እተኾይኑ ካብ ጥቕሙ ክሰራኡ ይዛይድ። ብፍላይ ኣብ ደሮኡ ናብ ለይታዊ ትልሂትን ኣብያተ-ማስተን ዝውሕዙ ሰባት፡ ብዘለሐ ኣልኮላዊ ማስተ ብምስታይ ኣብ ገዛእ-ርእሶምን ካልኦትን ዓቢ ዕንወት ክሽትሉ ይረኣዩ። ክንዲ ዝኾኑ ሓድሽ ዓመት መጸመጽ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ኣብ ክንዲ ንጥፍኣትና መደባት እንዋፈርሕ ኣብ መጻኢ ፍረ ኣብ ዝሕፈሶ ወጥናት ክነተኩር ይግባእ።

ኣብ ቅንያት ሓድሽ ዓመት መብጽዓ ምእታው ነውሪ ወይ ከዘውትሮ ዘይግባእ ልምዲ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ እንሕንጽጾ ዝያዳ ኣብ ምትግባሩ ከተኩር ይግባእ። ካልእ እንደልዮ ለውጢ ኣብ ኮረሻ ጸገሕ ተወጢሕና ዘይኮኑ ኣብ ሎሚ ተበጊና ክንጅምሮ ይግባእ። ብኣንጻሩ መብዛሕትና ኣብ ደሮ ሓድሽ ዓመት ማእለያ ዘይብሉ መደባት ሰሪሕና ከነብቅዕ ኣብ ምምግዛም ናይ'ቲ ዓመት ፊት-ንፊት ምስ ሕልምታት ምስ ተራኽብና ዝኾነ ዝጭብጦ ስራሕ ከይዓመምና ደሮ ካልእ ዓመት ተራኺብና። ስለዚ፡ ኣብ ዋዜማ ሓድሽ ዓመት ሓዳስቲ ሕልምታት፡ ወጥናት፡ ባህግታት ክህልወና ኣገዳሲ እኳ እንተኾኑ፡ እቶም ድሌታት ድሕሪ ጽንብል ሓድሽ ዓመት ከይቅብሩ ክስተብሀል ይግባእ።

ርሑስ ሓድሽ ዓመት!



# ቾኮላታን ሓድሽ ዓመትን




ቾኮላታ ኣብ ብዙሕ ከበቢታት ዓለም ፍቱውን ምቁርን መግቢ እዩ። እቲ ጥረ ነገሩ ካብ ከርሲ መሬት ኣፍሪቃ ዝሕፈስ እኳ እንተኾኑ፡ ብቐንዱ ናብ ኣህጉር ኤውሮጳ ግዒዙ ድሕሪኡ ብዝተፈላለየ መስርሓት ሓሊፉ'ዩ ናብ ዕዳጋታት ዓለም ዝዘርጋሕ። እቲ ብቕዳምነት ዝጥቀስ መቃምምቲ ቾኮላታ ዝኾነ ካካዎ ወይ ሓርጭ ቾኮላታ፡ ብዐበዝሒ ኣብ ከም ብዓል ኣይቮሪኮስት ዝኾና ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ከም ዝበቁል ይፍለጥ። ቾኮላታ ኣብ ቅንያት ልደትን ሓድሽ ዓመትን ብዐበዝሒ ዝሸልኽ ምህርቲ ምኻኑ ይንገር። ብፍላይ፡ ኣብዚ ቅንያት ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ሰባት ንዝተፈላለዩ ምህርቲ ቾኮላታ ብመልክዕ ገጸበረኸት ንሓድሕዶም ክለዋወጡ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ብኣህጉር ደረጃ ብሰደድ ምህርቲ ቾኮላታ ኣብ ቅድሚት ዝስርዓ ኣርባዕተ ሃገራት ምስ እንዕዘብ—

ጀርመን ብሰደድ ፍርያት ቾኮላታ ኣብ ቀዳማይ ተርታ ትሰርዕ ሃገር እያ። ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ፡ ብመንገዲ ፍርያት ቾኮላታ እታ ሃገር ኣስታት 5 ቢልዮን ዶላር ከም ዘኻዕበተት ይፍለጥ። ብተወሳኺ፡ መጠን እቲ እትልእኾ ፍርያት ን17 % ካብ ጠቕላላ ምህርቲ ዓለም ከም ዝሸፍን ይንገር። ኣብ ጀርመን ዝዓበየ ኩባንያ መፍረ ቾኮላታ 'ስቶልወርክ' ምዃኑ ይፍለጥ።

በልጅዩም ብዐበዝሒ ፍርያት ቾኮላታ ካብ ዘፍርያ ሃገራት ኮይና፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰርዓ ትርከብ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መላእ ዓለም ልዑል ተፈላጥነትን ተቐባልነትን ዘለዎ ትካል መፍረ ቾኮላታ ኣብታ ሃገር ተደኲኑ ይርከብ። ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ እታ ሃገር 3.1 ቢልዮን ዝገመት ፍርያት ቾኮላታ ንሰደድ ከም ዝለኣኸት ይፍለጥ። እዚ መጠን ኣሃዝ ካብ ጠቕላላ ንሰደድ ዝቐንዐ ፍርያት ብዓለም ደረጃ ን11% ይሽፍን። እዛ ካብ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ብምድላው ፍርያት ቾኮላታ እትፍለጥ ሃገር፡ ኣብ 1884 ዓም ኣትሒዛ ንስርዓት ቊጽጽር እቲ ፍርያት ዝምልከት ሕግታት ከም ዘጽደቐት ይፍለጥ። እቲ ሕጊ ንንጽህናን መጠን ኣብ'ቲ ፍርያት ዝኣቱ ሰብሒን ዝምልከት እዩ። ኣብ'ታ ሃገር ክሳብ ሎሚ ብምሽርታት ዘይኮኑ ብቡሉዱ ብሰባት (ብኢድ) ዝስራሕ ምህርቲ ከም ዘሎ ይንገር።

ብልዑል መጠን ፍርያት ኣብ ሳልሳይ ተርታ እትስርዕ ኢጣልያ እያ። እታ ሃገር ብኣዝዩ ብሉጽ ፍርያትን ሕግታት ኣፍረይቲ ትካላትን ትፍለጥ። ብተወሳኺ፡ እቲ ብጥዑፍ ኢንዱስትሪታት ተሰኒዑ ዝዳሎ ፍርያት ኣብ ቀጠባዊ ዕብየታ እውን ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ይፍለጥ። ኣቐዲሙ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽርዖ፡ እታ ሃገር ኣስታት 2.1 ቢልዮን ዝበጽሕ ፍርያት ንሰደድ ከም ዝቐንዐ ይሕብር። እዚ 7% ካብ ጠቕላላ ዝተላእከ መጠን ምህርቲ ዝሸፍን እዩ። እተን ኣብ 1796 ዓም ዝተመስረታ ብዙሓት ኢንዱስትሪታት፡ ኣብ ዝበዝሐ ክፍለ ዓለም ልዑል ተፈላጥነት ዘጥረያ ምዃነን ይሕብር። በቲ ናይ ሓያሎ ዓመታት ተመክሮ ድማ፡ እቲ ዝዳሎ ፍርያት ምእዙዝ ጣዕሚ ከም ዘውንን ይፍለጥ።

ኣብ ማእከል ኤውሮጳ እትርከብ ሃገር ፖላንድ፡ ብመጠን ንሰደድ እትልእኮ ፍርያት ቾኮላታ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ። እቲ ኣብ ቀጠብ ናይ'ታ ሃገር ልዑል ኣበርክቶ ዘለዎ ምህርቲ፡ ንሰደድ ዝተላእኸ መጠን ፍርያት ኣስታት 2 ቢልዮን ከም ዝበጽሐ ይፍለጥ። እዚ ካብ ጠቕላላ ንሰደድ ዝቐንዐ ፍርያት 7.3% ይሽፍን።

## ሓድሽ ዓመት

ር ሑ ስ

ሓ - ድሽ ዓመት ኮይኑ
ድ - ሕሪ ነዊሕ እዋን
ሽ - ዑ ምሽብሻብ ንኣኣ ምጽንባል

ዓ - ወትና ወይ ውድቀትና ክንዲ
ምግምጋም
መ - ደብ ከይተግበርና ንኻልእ
ምቁማት
ት - ገብሮ ዘይምፍጻም ኣለዎ
ጉድኣት

ይ - ግበረልና ተባሂሉ ጥራይ
ብቑጽሪ
ግ - ብሪ ተዘይብሉ እንትርፎ
ብሕልሚ
በ - ረኸት ክወርደና ካብ ላዕሊ
ረ - ብሪብ ዘይትብል ደቦክ ኢላ ጥሪ
ል - ሳንና ነድምጻ ብኹብሪ
ና - ብኣ ደኣ ንመለስ መጻኢና ነዕሪ

ተስፎም እስቲፋኖስ
መዓስከር ዒታሮ
ኣስመራ

ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# መንገኛ እንታይ'ዩ

"ኣብ ማህጸን ዝረግአ ደም፡ ብብዝሒ ምስ ዝእከብ፡ መንሸሮ ይቕየር ክብሃል ሰሚዐ ኣለኹ...."

ኣማኻሪት፥ ሄለው፡ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊ፥ ሄለው፡ ከመይ ውዒልኪ? ሃብቶም እብሃል። ዓሚልኩም'የ፣ ካብ ኣስመራ ድማ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ ጽቡቕ ሃብቶም ዓሚል ናይዚ እንህቦ ኣገልግሎት ብምዃንካ ደስ እናበለኒ ሕጂ'ውን ከም ልሙድ መርሓባ እብለካ።

ደዋሊ፥ የቐንየለይ። ኣቐዲመ ደዊለ ነይረ። ሕቶይ ንጥዕና ዝምልከት ብምዃኑ ግና ኣብ መስመር ዝጸንሓኒ ናይ ሕጊ ብዓል ሞያ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ደጊመ ክድውል ሓቢሩኒ። ክቕጽልዶ?

ኣማኻሪት፥ እወ ሃብቶም፡ እሰምዓካ ኣለኹ ቀጽል። ንሕቶኻ ክምልስ ድልውቲ ኣለኹ።

ደዋሊ፥ ሕቶይ ብዛዕባ መንገኛ ዝብሃል ሕማም'ዩ። ቅድሚ ሳልስቲ ብመጥባሕቲ ንዝሓረሰት ሓፍተይ ክርኢ ኣብ ዝኸድኩሉ ግዜ፡ ሓብተይ ካብ ማህጸና ምስቲ ዕሸል 2 ከክንዲ ማእከላይ ግጅፌ ዘሎዎ ለሚን ዝኸውን መንገኛ ከም ዝኣለዩላ ኣዕሊላትኒ። ኣነ ኣዝየ ሰንቢደ። "መንገኛ ካበይ መጺኡ? ንስኺኸ ኣቐዲምኪ ስለምንታይ ዘይፈለጥኪዮ?" ብምባል ንሓፍተይ ተወኪሰያ። ዘይከም ስንባደይ፡ ሓፍተይ ተረጋጊኣ እያ ትምልሰለይ ነይራ። ኮነታተይ ተዓዚባ ድማ "ኣነ'ውን መጀመርታ ኣዝየ ሰንቢደ ነይረ። ሓኪም፡ ንኽትፈልጢ ኢና ንነግረኪ ዘለና እምበር ዘሰክፍ ኣይኮነን፡' ምስ በለኒ ግና ተረጋጊአ፡" ብምባል ብዙሕ ዘየዕግብ መልሲ ሂባትኒ። ኣነ ግና ክሳዕ ሕጂ ካብ ሻቕሎት ዓዲ ኣይወዓልኩን። ምኽንያቱ፡ ብዕላል ዕላል ከም ዝሰማዕኩዎ እንተ ኮይኑ፡ መንገኛ ኣዝዩ ሓደገኛን ሞት ዘስዕብን ምዃኑ'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ እቲ ሓፍተይ ዝበለቶን ኣነ ዝፈልጦን ዘይራኸብ ኮይኑኒ ዘሎ። ንምዃኑ መንገኛ እንታይ እዩ?

ኣማኻሪት፥ ቅድሚ ንሕቶኻ ምምላሰይ እስከ ሃብቶም ገለ ካብቲ ብዕላል ዕላል ዝሰማዕካዮ ኣካፍለኒ።

ደዋሊ፥ እዋእ፡ ኣቲ ጓለይ ሓቅነት ኣሎዎ'ድዩ የብሉን እንድዒ'ምበር፡ ሓንሳብ እተን ኣደታት እንተ ሓሚመን ከም ዘይሓውያ፡ ብዙሕ ደም ብማህጸን ቀጻሊ ከም ዝፈሰን፡ ኩሉ ግዜ ኩብደን ከም ብጽሕቲ ወርሒ ነብሰ ጾር ገጂፍ ከም ዝኾነ፡ ኣረ ብዙሕ እንተ ተኣኪቡስ ናብ መንሸሮ ከም ዝቕየር'ውን ሰሚዐ ኣለኹ።

ኣማኻሪት፥ ሃብቶም፡ እንታይ'ዩ ዝእከብ ዝብሃል?

ደዋሊ፥ እቲ ዝረግአ ደም፡ ብብዝሒ ምስ ዝእከብ መንሸሮ ይቕየር ክብሃል ሰሚዐ ኣለኹ።

ኣማኻሪት፥ መንገኛስ ዝረግአ ደም'ዩ ዝብል መረዳእታ ኣሎ ማለት ድዩ?

ደዋሊ፥ እወ። ኣነ ዝፈልጦስ ንሳ'ያ።

ኣማኻሪት፥ እሞ ናብታ "መንገኛ



እንታይ'ዩ?" እትብል ሕቶኻ ክንምለስ ሃብቶም። መንገኛ ኣብ ማህጸን ዝፍጠር ዘይመንሸሮኣዊ ዝኾነ ጥረ እዩ። ገለ ካብቲ መንገኛ ዘስዕቦ ምልክታት ተንኪፍካዮ'ኳ እንተ ጸናሕካ፡ ብዛዕባ መንገኛ ዘሎካ ኣፍልጦ ግና ከፊላዊ ይመስል። ምልክታት መንገኛ ብመጠን ግዝፊ፡ ብዝሕን ተደኩኑሉ ዘሎ ክፋል ማህጸንን ይፈላለ። ንኣብነት፡ ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ ማህጸን ዝፍጠር መንገኛ፡ ብኣካላዊ ፍተሻ ዝድህሰስ ኮይኑ፡ ብቐሊሉ ክልለ ዝኽእል'ዩ። እቲ ኣብ ውሽጣዊ ቀጸላ ማህጸን ዝፍጠር ድማ ሳሕቲ ንምትካል ድቂ ብምትዕንቓፍ ኣብ ፍርያምነት ጸገም ከምጽእ ይኽእል። ገለ'ውን ጠንቂ ምልቃቅ መዳሕንቲ ቅድሚ ወሊድ ወይ ድማ ዘይንቡር ኣተኻኽላ መዳሕንቲ ከኸትል ይኽእል። እቲ መንገኛ ኣዝዩ ገዚፍ ምስ ዝኸውን ድማ ከምቲ ዝበልካዮ ምስ እኹል ጥንሲ ከደናግር ይኽእል። ዘይንቡር መድመይቲ ማህጸን'ውን ካብ ምልክታት መንገኛ እዩ። መንገኛ ዝኾነ ምልክት ዘይከርኢ ይኽእል እዩ። ሓንቲ ካብ ሰለስተ መንገኛ ዘሎወን ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ምልክታት ከም ተርኢ እዮም ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ዝገልጹ። እዚ ድማ 70% መንገኛ ምልክታት ከም ዘይብሉ'ዩ ዝሕብር።

ደዋሊ፥ ጥረ ኣብ ማህጸን እናሃለወስ ምልክታት ኣየርእይን?

ኣማኻሪት፥ ከምቲ ክገልጸልካ ዝጸናሕኩ እቲ ጥረ ንእሽተይ፡ ውሑድ፡ ኣብ ውሱን ክፋል ማህጸን ዝተሓዝአ ኮይኑ ንምትካል ድቂ ኮነ ንዕብየት ዕሸል ዘይዕንቅጽ ምስ ዝኸውን፡ እታ ኣደ ከም ዘሎዋ ከይፈለጠት፡ ንጽፈ ጽግያት ክትበጽሕ ትኽእል እያ። እቶም ካልኦት ኣቐዲሞም ዝተጠቐሱ ምልክታት'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ውሑዳት ጥራይ እዮም ዝርኣዩ። ስለዚ፡ መንገኛ ንብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ከምቲ ሓፍትኻ ዝበለቶ ኣሰካፊ ኣይኮነንን። ኣሰካፊ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ፡ ማለተይ ምልክታት ምስ ዘስዕብ፡ ግና ብኽኢላታት ሓካይም ኣድላዩ ዝኾነ ፍወሳን ምክትታልን ይግበር ማለት እዩ።

ደዋሊ፥ በሊ እንቋዕ ዝፍወስ ኮነ'ሞ። ጠንቂኸ እንታይ ክኸውን ይኽእል?

ኣማኻሪት፥ ከምቲ ዝሰምዖ እንተ ኮይኑ ወርሓዊ ጽግያት ከይጸረየ ጾታዊ ርክብ እንተ ተፈጺሙ እዩ ዘስዕብ ክብሃል ሰሚዐ ኣለኹ። ኣደይ ከኣ ዘይዓኹኽ ደቂ ኣብ ማህጸን እንተ ሞይቱ'ሞ ክወጽእ እንተ ዘይክኢሉ ዘስዕብ'ዩ ክትብል ሰሚዐያ ኣለኹ።

ኣማኻሪት፥ ብዛዕባ እዞም ክትብሎም ዝጸናሕካ ኣብ ዝኾነ ሕክምናዊ ጽሑፍ የለን። ብኣንጻሩ መንገኛ ንጹር ጠንቂ ከም ዘይብሉ እዩ ዝሕብር። መጽናዕትታት ምስ ህላወ 'እስትሮጂን' ዝብሃል ኣንስታዊ ነዝዒ ስርዓት መፍረ'ኳ ከተሓሕዙዎ እንተ ፈተኑ፡ ጠንቂ ናይ መንገኛ እዚ እዩ ክብሉ ግና ኣይከኣሉን። መንገኛ ምስ ምንቍልቋል ኢስትሮጅን ድሕሪ ንጽፈ ጽግያት እናጠፈአ ስለ ዝኸይድን ብተዛማዲ መንገኛ ምስ ምጅማር ኢስትሮጅን ኣብ ዕድመ ጕርዝውና ስለ ዝጅምርን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ጥንሲ ኢስይሮጅን ክብ ኣብ ዝብለሉ እዋን ገለ ዕብየት ስለ ዘርኢ፡ መጽናዕትታት ምስ ኢስትሮጅን ዝምድና ክህልዎ ይኽእል'ዩ ይብሉ እምበር፡ ደፊሮም ጠንቂ መንገኛ ኢስትሮጅን እዩ ክብሉ ኣይከኣሉን። ስለዚ፡ እቲ ክትጠቕሰለይ ዝጸናሕካ ጠንቅታት መንገኛ ብሂል እዩ ኢልና ክንሓልፎ ንግደድ።

ደዋሊ፥ እንታይ ትብሊ ጓለይ፣ እዚ ኩሉ ፍልስፍና ደኣ ባዕልና ዝመሃዝናዮ እዩ ማለት'ዩ። በሊ ብዘይ ምድንጓይ ምድዋለይ ኣሐጕሱኒ ኣሎ። ግጉይ መረዳእታይ ብቕኑዕ ሓበሬታ ስለ ዝደበስክዮ ድማ ኣዝየ ኣመስግነኪ። ብሩኽ ምሸት።

ኣማኻሪት፥ ገንዘብካ ሃብቶም።

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ሓጋዚት ኢድ

ሓንቲ ኣደ፡ ኣብ ሙዚቃ ብፍላይ ኣብ ፒያኖ ክእለት ከዕቢ ንእትምነዮ ውሉዳ፡ ብኸመይ ከም እተሕግዞ ብዙሕ ትሓስብ ነበረት። እታ ኣደ፡ ወዳ ብርቱዕ ባህግን ውሑድ ክእለትን ከም ዝነበሮ ጥራይ ትፈልጥ ነበረት። ሓደ መዓልቲ፡ ፍሉጥ ፖላንዳዊ ክኢላ ፒያኖ ኢግናስ ፓደረቭስኪ፡ ኣብታ እትቕመጠላ ዓዲ ምርኢት ከም ዘካይድ ፈለጠት። ንኣኣን ንወዳን መእተዊ ትኬት ዓዲጋ ገዛኣ ከደት።



ንጽብሓይቱ፡ ምስ ወዳ ናብቲ ምርኢት ከደት። ኣብ ቅድሚት ቦታ ረኺቦም ኮፍ በሉ። ኣብ ማእከል እቲ መድረኽ፡ ብሒታ ዝተቐመጠት ፒያኖ፡ ዓይኖም ክትገዝእ ግዜ ኣይበልዐትን፣ ብፍላይ ንወዳ። ኣብቲ ኣዳራሽ ዝነበሩ ሰባት፡ ምርኢት ክሳዕ ዝጅመር ንሓድሕዶም ብትሑት ድምጺ የዋግዑ ነበሩ። እዛ ኣደ'ውን ከባቢኣ ድሕሪ ምስትውዓል፡ ሓደ ፈላጢኣ ኣብ ጥቓኣ ኮፍ ኢሉ ከም ዘሎ ኣስተብሃለት። ምስ ፈላጢኣ ዕላል ከፈተት።

በታ ኣብ መድረኽ ዝነበረት ፒያኖ ልቡ ዝተሰልበ ቈልዓ፡ ኣደኡ ከይርኣየቶ ካብ ኮፍ ዝበሎ ተንሲኡ ከደ። ሰዓት ሸሞንተ ኰይኑ፡ ኣብ ኣዳራሽ ዝነበረ ብርሃን ደበነ፣ እቲ ኣብ መድረኽ ዝነበረ ብርሃን'ውን ከምኡ ደበነ። እታ ፒያኖ ተቐሚጣቶ ዝነበረት ቦታ ጥራይ በርሀ። ኣብ መንበር ወቓዒ ፒያኖ ከኣ ንእሽቶይ ቈልዓ ኮፍ ኢሉ ተራእየ። ሻቡ፡ 'ትዊንክል ትዊንክል ሊትል ስታር' ክጻወት ጀመረ። ወዳ ኣብ መድረኽ ደይቡ ፒያኖ ክወቅዕ ዝርኣየት ኣደ ብስንባደን ሕፍረትን እንታይ ከም እትገብር ጠፍኣ። ተንሲኣ ወዳ ክትእርንብ ቅድሚ ምብጋሳ ግን እቲ ፖላንዳዊ ክኢላ ፒያኖ ኣብ መድረኽ ብምቕልቃል፡ ቀልጢፉ ኣብቲ ቈልዓ በጽሐ።

"ኣጆኻ ቀጽል ከይተቋረጽ!" በሎ ነቲ ቈልዓ ኣብ እዝኑ ቀሪቡ። ማዕረኡ ድማ ኮፍ በለ። እቲ ነቲ ቈልዓ ጕዱሉዎ ዝነበረ 'በይዝ' ብጸጋመይቲ ኢዱ ሸፈኖ። የማነይቲ ኢዱ ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ እቲ ፒያኖ ጠወቐት። ክልቲኦም፡ እቲ ዓቢ ፍሉጥ ክኢላን እቲ ብዓል ዓቢ ባህጊ ቈልዓን፡ ዝተጻወቱዎ ሙዚቃ፡ ንተዓዘብቲ ብተመስጦ ከም ዝዕዘሙ ገበረ።

ኣብ ኩሉ ህይወትና፡ ክሕግዛና ዝጸንሓ ኣእዳው ነይረንን ኣለዋን። ነተን ገለ ሓገዝቲ ኣእዳው ንፈልጠን፡ ነተን ገለኣን ከኣ ከይፈለጥናየን ንሓልፍ። ንሕና'ውን ብግደና፡ ክቕጽር ብዘይክኣል ግዜ፡ ሓገዝቲ ኣእዳውና ዘርጊሕና ኢና፣ ኣብ ገለኡ ሓገዝና ክፍለጠልና ንደሊ፡ ኣብ ገለኡ ከኣ ኣይንደልን። ምናልባት'ውን ከም ዝሓገዝና ንባዕልና'ውን ኣይነስተውዕሎን። እቲ ኲይኑ እቲ ግን፡ ሰባት ኣብ ዝጓናጸፉዎ ዓወት፡ ናይ ካልኦት ትምህርትን ሓገዝን ኣሎ።

***

Inspiratinalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣሕሎም መሓመድ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ብመንገዲ ከሳሲ ኣቶ ይሕደጎ ቀለታ ተወልደ ተማሲራቶልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/1/26 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የናስ ኣማኑኤል ተስፋጊዮርጊስ ምግቢ ተረፉ፡ የናስ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ምዕራፍ ገብረሚካኤል በርሀ፡ ኣቦይ ገብረሚካኤል በርሀ ግደ ስለዝዋረረፊ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሰተ መሓሪ ብርሃ ምግቢ ተረፉ፡ ኣብርሃ መሓሪ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ተኸሳሲ ዓምር መሓመድ ዓሊ፡ ከሳሲ የማነ ገብረማርያም መሓሪ፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ገኑት ተኸስተ ተስፋሚካኤል ምግቢ ተረፉ፡ገኑት ከሰተ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ወልዳዊት፡ ኣቶ ሃብተስላሴ ተኽለይ ንዕም ምትሕልላፍ መኪና ዝምልከት ክሲ ኣቕሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣልማዝ ሙብራህቱ በርሀ፡ ብዓል ቤተይ ሓድጉ ገዚኢ ተኽሉ ስለዝዋረረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ኣሲያስ ኣላይ ባህታ፡ ኣቦይ ኣላይ ባህታ ወልደማርያም ስለዝዋረረፊ፡

ንወላዲትና ወ/ሮ ትንሳኤ ህነቡ መጃሾ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዝመራ ደስታ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ስምኦን ፍትዊ ግደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሲራቶልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ የሩሳሌም ተስፋማርያም፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሚካኤል ብእምነት ቀለታ፡ ናይ ወህለል ክራይ ገዛን ምልቃቕን ክሲ ተማሲራቶልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ብርሃ ከበደ ቢተው፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ተኽልኣብ ገብረየሱስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሲራቶልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሰምሰም እስቲፋኖስ ቢንያም፡ ጸገሮማን የውሃንስ ፍጡር ስለዝዋረረፊት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ 5 ተተካእቲ ደቂ መዋቲ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ማርያም ኣብርሃም ኣርኣያ፡ ኣደይ ሉቲና ወልደገብርኤል ሰርጹ ስለዝዋረረፊት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ናዝሬት ርእሶም፡ ተኸሳሲ ሄኖክ ገብረመድህን ገብረገርግሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሲራቶልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ራይሞክ ቢንያም ተኽለይ ምግቢ ተረፉ፡ ሽዊት ቢንያም ተኽለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሬም ተኽለይ ምግቢ ተረፉ፡ መትከል ቢንያም ተኽለይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ምሕረት ገብሩ፡ ብዓል ቤተይ ወልደትንሳኤ ገብረንጉስ ተወልደ ስለዝዋረረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ እዝዮዝርያ ገብረያናስ ተስፋገርግሽ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ጆት ኮመርሻል ግሩፕ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሙብራት ስዩም፡ ብዓል ቤተይ መረስዕ ቀሺ ገብረክርስቶስ ፍስሃ ስለዝዋረረፊ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሾካሉ ሃብተ ተኣ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለሚካኤል ኪዳነ ገብረሂወት ስለዝዋረረፊ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርኢት ሓይላይ፡ ኣቦና ሓይላይ መሓሪ ወልደታትዮስ ስለዝዋረረፊ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 159.34 ቁ.ገዛ 1 ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቁ/ም/ወ 180995 መ/ቁ 140027 ብቁ/ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 59780 ጠቕላላ ቁ/መ 98520 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይተንቀሳቓሲ ንብረት ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ክተመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ክተመሓላለፎ ምዃንና ነረጋግጽ።

ወረ/ነፍ ቅዱሳን ሓድጉ ህበትዝጊ

---

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ጺጋይ ሃይለ ገብረስላሴ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ጺጋ ኣስገዶ ገብረክርስቶስ፡ ዝዘበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዝተወሰነሉ ገንዘብ ክኽፈል ፍቓደኛ ስለዘይኮነ፡ 1ይ ደ/ቤ/ፍርዲ ከባቢ ዕዳጋ እኽሊ ንብረት ብፍ/በ/ፍርዲ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ስለ ዝኣዘዘ፡

እዛ ብMachine mode 5-2 boritsukoki qss-3300 digital ናይ ስእሊ መሕተሚት ማሽን ትፍለጥ ንብረት፡ ብክኢላ 1,000,000 (ሓደ ሚልዮን ናቕፋ) ተገሚታ ዘላ ንብረት፡ ብሓራጅ ክትሽየጥ ስለዝተኣዘዘት፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 መዓልቲ ጀሚሩ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብዘዋስኽ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይግበር። ብዘይካ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ¼ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣስሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ወኪል ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ ———04/02/2026
ሰዓት ሓራጅ፦ ———3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦ ——— ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደለዩ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኦ ክውከስ ይኽእል። ክምኡ'ውን ንብረት ክርኢ ዝደሊ ኣብ ፎቶ ኣሎ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፍርዲ

---

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ብስራት ወ/ስላሴን ብፍ/በ/ዕዳን ወረ/ነፍ እዮብ በራኺን ብዘተፈጥረ ናይ ሰበኣይን ሰበይትን ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብቁ/መዝ 136/09 ብዕለት 22/12/2015 ብዘሎ ትእዛዝ መሰረት፡ ንብረት ክልቲኦም ዝኾና መካይን ብሓራጅ ተሸይጠን ብገንዘብ ብማዕረ ክማቐሉ ኣዚዙ። በዚ ትእዛዝ መሰረት ብምፍጻም መካይን ብሓራጅ ንምሻጥ ብክኢላ ከምዚ ዝስዕብ ማጠቓሊ ሓራጅ ዋጋ ወጺኡወን፦

1. ብቁ/ሰሌዳ ER-3-A-4882 ብቁ/ቻሲ FIAT203A16 "074054035 ዝኾነት ስርሓት ጥልያን ናይ ጽዕነት መኪና ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ትርከብ ብክኢላ 340,000.00 (ሰለስተ ሚእትን ኣርብዓን ሽሕ ናቕፋ) ዝተገመተት።
2. ቁ/ሰሌዳ ER-1-29514 ቶዮታ ሃይሉክስ ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ኣገዳ ብዙሕ ጉድለትን ዕንወትን ዘለዋ፡ ማጠቓሊ ዋጋ ሓራጅ 100,000.00 ናቕፋ (ሓደ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) ዝተገመተት።

ስለዚ ኣብዚ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብሰታሪት ዓሺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ ናይ'ቲ ብክኢላ ዝተዋህበ ግምት ¼ (ሓደ ርብዒ) ብስም ዋና ፈጻሚ ፍርዲ ሲ.ፒ.ኦ ኣስሪሑ ወይ ናይ ባንክ ሕሳብ ተጠራቓሚ ደብተር ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦———30/01/26
ሰዓት ሓራጅ፦———3፡00- 4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፦———ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ ናይተን መካይን ክርኢ ዝደሊ፡ መኪና ቁ/1 ኣብ ባረንቱ ኣብ ጋራጅ ስምረት ከባቢ እንዳ ኣውቶቡስ ፣መኪና ቁ/2 ኣብ ጋራጅ ሓሰን ከባቢ ባር ቶሪኖ ክይደኩም ክትርእዩ ትኽእሉ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋና ፈጻሚ ፍርዲ ቁጽሪ 64 ተወከሱ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበላ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ርበል ተስፋማርያም ኣፈወርቂ ኣቦና ኣፈወርቂ ቀላቲ ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ለያናርዶ ሃይለ መንግስትኣብ ምባል ተረፉ፡ ቴድሮስ ሃይለ መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ጳዉል ስምኦን ኣስገዶም፡ ኣቦና ስምኦን ኣስገዶምን ኣዴና ሂወት ጉብረገርግሽ ዑቕባን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሚሊና ተስፋይ የማነ ምባል ተረፉ፡ ሚሊና ተስፋይ የማነብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ብርኽቲ ዓንደሚካኤል ረዳ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ጉብረብርሃን ተወልደመድህን ኣድሓኖም ካብ ዝጠፍኦ 12 ዓመት ስለ ዝሓለፈ፡ ናይ ጥፉእ ስለዝተረጋገጸ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሂወት መንግስትኣብ ምባል ተረፉ፡ ሂወት መንግስቱ ወልደኣብዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ኣሃንያ ካሕሳይ፡ ኣደይ ጺጋ ብርሃ ሰለሙን ስለዝዋረረት፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ፍስሃ ጸጋይ፡ ተኸሳሲ ዳዊት ኣበ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

ልዋም ጸጋይ ምባል ተረፉ፡ ሃገር ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ኣረፋይነ ተኸስማርያም ምባል ተረፉ፡ የርዳኖስ ኣረፋይነ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምሕረት ተኽለ ጉብረእየሱስ ምባል ተረፉ፡ ምሕረት ተኽለይ ጉብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ወ/ሮ ትምኒት ኣንገሶም ካሱ፡ ተኸሳሲ ሰለሙን በርህጸምሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ክፍለ ኣሰፍሃ ፎቶ፡ ኣዴና ኣድሓኑት መሓሪ ተስፋማርያም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑብያት ብርሃ ተኽለ፡ ሻሹወርቅ በራኺ ሀብትዝጊ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ደቂ ሓትነይ 4 ምስ ኣኮታተይ 3 ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ለተሃንስ ተወልደብርሃን ፍረ ምባል ተረፉ፡ ኮኾብ ተወልደብርሃን ፍረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ፋጡማ ሳልሕ ዓሳዊላን ፋጥማ ሳልሕ መሓመድን ምባል ተረፉ፡ ፋጡማ ሳልሕ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ ማያድነብ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ኣሕመድ ማይዘብ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሳባ ነጋ ናይዝጊ፡ ወላዲየይ ሚልዮን ታደሰ ተወልደብርሃን ስለዝዋረረ፡ ኣነ ወላዲቱ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቝርደት

ሚካኤል ኣልኣዛር ኣርኣያ፡ ኣደይ ውዳሰ ዑቕባሚካኤል ኪዳነ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

የርዳኖስ ወረደ ደክኣሎ ምባል ተረፉ፡ ናርዶስ ወረደ ደክኣሎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ጎይቶ ኣላይ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረንጉስ ዘርኡም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስእላይ ኣብርሃ ዓጽሙ፡ ጓለይ የዉና ስእላይ ኣብርሃ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ ብዓልተ ቤተይ መዓሾ ሓጎስ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲ ክፍሎም ሃይለ ዓንደማርያም፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 116/9 ደንከል ዝርከብ ገዛ ፕሎት 31 ፓርሰል B ASP 00003116 ASD 00004325 ስፍሓት መሬት 107 ት/ሜ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 4 ተሓጋገዚ 2 ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 54311/89928 ብስም ኣውራሲተይ ነ/ሄር ምንያ እምሃ ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበየለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ክፍሎም ሃይለ

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ጽገና ኣገልግሎታት፡ (ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፒየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴሌፎን ቸንትራል (PBX) ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰዩር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላባጆ) ፍርጃትን ኤርኮንደሽነራትን፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለየ ራድያተረታት) ጽገና ዲሞታትን ሞተረታትን፡ ጽገና ፓምፓ ኣኂሲ (ፓማፒስታ)

ዓዳጊ፡ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ኣርእስቲ ውዕሊ፡ ውዕል ዓመታዊ ጽገና ኣገልግሎትን
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመተ 2026 ንትካሉ ዝውዕል ጽገና ኣገልግሎታትን ዝህቡ ትካላት ክጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ወሃብቲ ጽገና ኣገልግሎታትን (ፕሪተራትን ፎቶ ኮፒየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴሌፎን ቸንትራሉ፡ ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰዩር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራትን ምሕጻብ መካይን (ላባጆ) ፍርጃትን ኤርኮንደሽነራትን፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለየ ራድያተረታት) ጽገና ዲሞታትን ሞተረታትን፡ ጽገና ፓምፓ ኣኂሲ (ፓማፒስታ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓይሊ ኣየር 155500 155506 ወይ 15510 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልትታት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10:00 ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን፡ ስዑርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽበሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቑጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155500 155506 155510




ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ሓጎስ ካበይ ይርከብ፡




ሲልቫን እዮብ

ኣብ ህይወትና ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ምንጪ ሓጎስ ክንመራመር፡ ምስ ብጾትናን ጎረባብትናን ክንካታዕ ግዜ ንውፌ ኢና። ኮይኑ ግን፡ ሓደ ካብ ኩልና፡ "ኣነ ምሉእ ብምሉእ ሕጉሰ'የ" ብምባል፡ ምንጪ ሓጎሱ ገሊጹ፡ ኣፉ መሊኡ ክካታዕ ኣይደፍርን። ንብዙሕ ዓመታት ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ትሕጎስ ዝተመራመረ ሰብ'ውን ሓንቲ ምንጪ ፈልዩ ዝሓበ ብወከይ ሃሰው ኢለ ክረኽብ ኣይክኣልኩን። ምስ ብዙሓት ኣሓተይን መሳርሕተይን ካብ ዘየደኩዎ ክትዕን መጽሓፍቲ ካብ ዘንበብክዎ መርትዓታትን ግን ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ክቐስም ክኢለ እየ። ኣገዶም ብርክት ዝበሉ ፈልምታትን ደርፍታትን ከይተረፈ'ውን ብዛዕባ ሓጎስ ብዙሕ ኣስተምህሮ ዝሀቡ ተሰሪሖም እዮም። እቲ ግርናዊ ተመራመሪን ሊቓን ኣረስቶትል ንሓጎስ ክገልጾ ከሎ "ሓጎስ ንጹህ ዝኾነ ህይወት ካብ ምንባር፡ ሃናጺ ዕርክነት ብምምስራትን ነቲ ደስታ ዘፈጥረልና ዝበልናዮ ንጥፈታት'ውን ካብ ምስትምቓር እዩ ትርከብ" ኢሉ ነይሩ።

ከም ኩሉ ንጥፈታት ኣካላትና፡ ሓጎስ'ውን ብወገኑ ንዓኡ ዘበራብሩን ዘቓቕሑን ሆርሞናት ኣለውዎ። እዞም ሆርሞናት ገለ ንፍናስና ዘለዓዕሉ ንጥፈታት ምስ ዘጋጥም ብቐጽበታዊ መስርሕ መልእኽቲ ናብ ሓንጎልና ብምስዳድ፡ ናይ ሓጎስ ስምዒት ክፍጠር ይገብሩ። ገለ ካብዞም ሆርሞናት ሰሮቶኒን ዝበሃል ሆርሞን ኮይኑ ብናይ 'ሓጎስ ሆርሞን' ዝብል ካልኣይ ስሙ'ውን ይፍለጥ። እዚ ሆርሞን እዚ ከም ተቖጻጻሪ ናይ ስምዒታትና፡ ሸውሃትናን ዓቕን ድቃስናን ኮይኑ'ውን የገልግለና'ዩ። ብዐበዚሒ እወታዊ ስምዒታትን ምዉቕ ማሕበራዊ ወሀደትን ምስ ንፈጥር ኩኑ እዚ ሆርሞን እዚ ይብዝሕን ዚያዳ ንጠፍኦት ይህልዎን። ብዐል ዶፓሚን፡ ኢንዶርፊን፡ ኦክሲቶሲን፡ ኣድረናሊንን ዝበሃሉ ካልኦት ሆርሞናት'ውን ኣብ ናይ ሓጎስ ስምዒታት ዝሰርሑን ዘበራብሩን እዮም። እዞም ሆርሞናት ኣብ ኣካላትና ዚያዳ ንጠፋት ንኸኾኑ፡ እወታዊ ሓሳባት ክፈልፍል ወይ'ውን ኣብ እወታዊ ሃዋህው ዘለዎ ኣከባቢ ብዐበዚሒ ምዝንባል፡ ማሕበራዊ ርክባትና ክብ ክንብል፡ ግዜና ኣብ ዘዐግበናን ናይ ዓወት መንገዲ ዘትሕዘና ክኣንፍትን ጻዕርታት ክንገብር የድልየና።

ኣብዚ ዘመናዊ እዋን ብዙሓት መንእሰያት ንሓጎስ ክረኽቡ ዘይፍትንዎን ዘይኣትውዎን የለን ክብሃል ይከኣል። ብዙሓት ተመራመርቲ'ውን መጽናዕቲ ይገብሩ፡ ተመክሮኦም ናብ ህዝቢ ከቕርቡ ንርኢን ንሰምዕን ኣለና። እቲ ዝበርም ግን ህዝቢ፡ በቲ ዝረኸቦ ምንጪ ሓበሬታ ዕጉብ ዘይምዃኑን ካልእ ሓበሬታ ንምርካብ ሃሰው ካብ ምባል ዘየዕርፍ ምዃኑን እዩ። ንሓጎስ ዝውሃቦ መግለጺታት ኣዝዩ ብዙሕን ዝተፈላለየን ኮይኑ፡ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ዝሰርሓሉ ብዘይምዃኑ እዩ ከኣ ሓደ ካብኡ ተኣፈፍቲ ኣርእስትታት ዝገብሮ። ይኹን እምበር፡ ንሕና ሰባት ብዘጥዕመናን ይሰርሓልና ብዝበልናዮን መንገዲ፡ ንምርካቡ ክንፍትሾን ክንሓትቶን ዓዲ ኣይንውዕልን።

ኣብ ሓደ ብዛዕባ ምንጪ ሓጎስ ዝዘረበሉ ዝበረ ኣጋጣሚ፡ ሓደ ካብኦም ኣዕለልቲ 'ሓጎስ ልክዕ ከም ሕማም ጋስትራይት እዩ' ክብል ገሊጽዎ። ምኽንያት ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፡ "ጋስትራይት ዝሓመሙ ሰባት ኣኼባ ብምግባር 'ብኸመይ ሕማምኩም ተህድኡ ወይ ትቆጻጸሩ' ኢልና እንተ ንሓቶም፡ ኩሎም ኣፍቶም ሚላን ዝጥቀሙሉ መድሃኒትን እዮም ዝህቡና። እቲ ሓደ 'ጸባ ይሰዕ' ክብለካ ከሎ፡ እቲ ካልእ ከኣ፡ 'ኣነስ ጸባ ምስተይ ንጋስትራይተይ ስለ ዘጋድደለይ፡ ጥሕኒ'ዩ ዝሕሸኒ' ይብል። እቲ ሓደ ሽኮር ይቖሕም ክብለካ ከሎ፡ እቲ ሓደ ከኣ፡ 'ንዓይ ሽኮር ተካሊተይ'ያ' ይብለካ። ሓደ ምንጪ ሓጎስካ እንታይ እዩ ዝበልካዮ ሰብ ከኣ፡ ገለ ሃብቲ ይብለካ፡ ገለ ዓርኪ መሓዛ ይብለካ፡ ገለ ዘፍቅሮ መጻምድቲ ምሓዝ ይብለካ፡ ገለ ሓለፍቲ ዘይብሉ ሂወት ብዘመርሓትካን ብዘተወሰለይን መንገዲ ከይሓሰብኩ ክብር ከለኹ ይብለካ፡ ገለ ኣብ ዝመረጽክዎ ሂወትን ስራሕን ተዋፊረ ኣዕልን ታሕትን እናበልኩ ናብቲ ጥርዚ ዓወት ክሓክር ከለኹ ይብለካ፡ ገለ'ውን ኣብ ሃይማኖተይን እምነተይን ጸኒዐ ምስ ዝነብር ሓጎስ ይረክብ ይብሉኻ . . . እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ። ይኹን እምበር ኩሎም እዞም ሰባት ካብዚ ዝደልዩዋ ቁሩብ ቁራብ ምስ ዝጎድሎም ኣዳዳ ጭንቀትን ምስቁርቋርን ኮይኖም ክታኸሱ ኢኻ ትርእዮም። ዝበርም ሓጎስ ደብንን። ወዲ ሰብ ምምናዩን ምስኣኑን ዘይተርፍ ባህርያዊ እኳ እንተ ኾነ፡ እንታይ ምስ ረኸበ ከም ዝሕጎሰን ነታ ዝረኸበ ሓጎስ ከመይ ጌሩ ከም ዝዕቅባን ግን ምስጢር'ዩ።

### ከም ሓዊ ለይቶ ኩልዕ ህልም ዘይትብል ሓጎሸሲ ትህሉ'ዶ?

ማእለያ ዘይብሎም ሰባት'ውን፡ ሓጎስ ሃብትን ጺጋን ምስ ዝህልወካ እያ ትመጽኣካ ዝብል መርገጺ ዘለዎም ኣይተሰኣኑን። ካብ'ዚ መረዳእታ ብምብጋስ ከኣ፡ ሓጎስ ካብ ምዝንጋዕ ትርከብ መሲሉዎም፡ ኣብ ፈቓዶ ባራትን ለይታዊ ትልሂትን ክሀንደኑ ክሕጎሱን ይሓድሩ'ሞ፡ መሪሖት ምስ ወገሐት፡ ዘለዎም ክቢፎም ብጥዕሳ ይቐዝዘወ። ሰእኑት ገንዘብ ዓቕሊ ዘጽብብን መስተርሀያት ዝኸልእን ምኽኑ ዘይኩሓድ ሓቂ እኳ እንተ ኾነ፡ ገንዘብ ሃልዩካ ንዋታዊ ነገራት ከትዕድግ ብምኽኣልካ ጥራይ ፍጹም ሕጉስ ክትብርካ ግን ኣይክእልን'ዩ። ወይ'ውን ምንጪ ኣታዊኻ እናንቀልቀለ ክሽይድ ከሎ፡ ሓጎስካ ሃፊፉ ጸማሊያ ከትክደን ከለኻ ትርኢ።

ማሕበራዊ መቓብሮኻ ገፊሕ ብምግባር፡ ዓርክ መሓዛ ብምጥራይ፡ ወይውን ኣፍቃሪ ብምሓዝ፡ ሓጎስ ዝሃጉዩ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። ዓርኪ መሓዛ ወይ ኣፍቃሪ ክህልወካ ከሎ፡ ቃንዛኻን ጓሂኻን ስለ ትኻፈሉ፡ ሕጉስ ኢኻ ትኸውን። ኣብ ዝኣንገሉ ዘፍልጉኻ፡ ሓገዘ ኣብ ዝሓተትካሉ ጠበቐ ዝበሉልካ ሰባት ክህልዉኻ ንባዕሉ ሓጎስ'ዩ። ሓንቲ መዓልቲ ግን እዞም ዘለዉኻ ሰባት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክትሰእኖም ትኽእል ወይ'ውን ብምኽንያቶም ክህልወልካ ኣይመርጹን እሞ፡ ናብ ዝቐቲ ደልሃመት ትኣቱ። ነገራትን ኩነታትን ተቐያየርቲ እዮም። ኣብ ዝተቐየረሉ ከኣ ዘይሕጉስ ሰብ እንድሕር ክኸውን ኮይኑ፡ ዝጠዐለ ዓመታት ሂወትና ኣብ ሓዘን ኢና ነሕልፍ፡ ምኽንያቱ ሰባት ክንቅየር ልክዕ ከም ናይ ነገራት ቅልጡፋት ስለ ዘይኮና።

ብዙሓት መንእሰያት 'ምሕሳብ ጭንቀት ስለ ዝኾነ ከይንሓስብ ብቐሊሉ ኣቓልቦና ዝስሕቡ ነገራት ንፍጠር'ሞ፡ ንተሓጎስ' ዝብሉ ኣብዚ እዋን እናበዝሑ ክኸዱ ይርአዩ። ብዕሜ ናይ ሂወት ከትምራሕ ቀሊል ስለ ዝኾነ'ውን ከይሓሰቡን ሓለፍቲ ከይተሰከሙን ዕድመኦም ክሓልፍ ከሎ ግዚያዊ ደስታ ክፈጥረሎም ይጸንሕ'ሞ፡ ምንጪ ሓጎሶም ኢልካ ኣብ ዝሓተትካዮም ዘይምሕሳብ ኢሎም ይምልሱልካ። ወሲኽም'ውን 'ኣነ ዝበዓዕ ረኺበ እበልዕ እሰቲ፡ እድቅስ ስራሕ ውፈር ኣብ ዝተበሃልኩሉ'ውን እሰርሕ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍተይ ብፊልም ወይ ብደርፊ እዘናጋዕ ለይታዊ ትልሂት እኣቱ፡ ኩሉ ግዜ ሕጉስ እየ። ዘጽልኣኒ ሓለፍቲ ምስካም'ዩ፡ እቲ ሓለፍቲ ኣየም ዘይጸልኣም ጉዳፈሎም በጥ ምባል፡ ምስጢር ሓጎሰይ እዩ' ክብሉ ኣፍ ልቦም ነፊሖም ብዐቢኑ ገጾም ይምልሱልካ። ጸሊኦም ግን መስኡኦም መሰልል ዓወት ክሓኸሩን ሂወዮም ከመሓይሹን ክዕዝቡ ከለው፡ ንሳቶም ከም ዓንዲ ኣብ ሓንቲ ቁይሞም ሂወት ማሰልቸው ክትተናም ትጀምር። ሓጎስ'ውን ካብ ከቢኣም ትግለል። ወይ'ውን ነገራት ከቀያየሩ ይጀምሩ፡ ሓለፍቲ ተሰኪሙሎም ዝበረ በሊሕ ሰብ ይሰእንም፡ ምሕሳብ ለሚዱ ዘይጸንሐ ኣእምሮ ኣብ መጽብጦ ተቐርቂሩ ምሕንባስ ይሰእን'ሞ፡ ጭንቀት መፍትሒ ክትመስል ኣዐየለኻ ኢላ ትተዓራረኾም።

ሂወት ብዙሕ ምርጫ'ያ ትህበ፡ ኣየናይ'ዩ ናትካ ምልላይ ግን ናይ ባዕልኻ ስራሕ እዩ። ድሌትካ ኣለሊኻ ክትሰርሓሉ ኣብ ዝጀመርካ'ውን ብዙሕ ብደሆታት የጋንፉኻ እሞ፡ ነገራት ኣንጸርካ ተዓጢቕም ካብ ኩሉ ከትርፉኻ ዝደልዩ ዘለዉ ኮይኑ ይሰምዓ። እቶም ሓያላት ሰባት 'ዕሸምካ ከምቲ ትደልያ ጌርካ እንተ ዘይክጽንካያ ከምቲ ንሸኻ ዘይትደልዮ ኮይና ክትህበ እያ። ነቲ ኣብ ልዕለኻ ዘጋጥም፡ ሰገምቲ ብምውሳድ ፍጠር ዝበል ቃጭል ኣብ ኣእምሮኦም ይቃጨል እሞ፡ ብጸፍታት ንቕድሚት ክኸዱ ደርኣዩ። እዞም ሰባት እዚኦም ሓያላትን በሊሕትን ኮይኖም ንብዙሕ ሰብ ዘቐንኡ ፈጠራውያን እዮም። ግን ሕጉሳት ደዮም? ሓጎሶም ኣታዊ ወጻኢ እዩ። መደብኦም በቲ ዝደለይዎ ማእዝን ክቃሉይ እንተ ዘይክኣሉ፡ ዓለሞም ትጽልምቶም'ሞ፡ ይሓርቁን ይጭንቑን። ምናልባት'ውን ካብቲ ጭንቀንቶም ከዕርፉ ናብታ ግዚያዊ መሕብኢት በዓቶም ኣትዮም ይሸጉጡ። ኮይኑ ግን በሊሕትን ብቐሊሉ ኣደም ዝህቡን ስለ ዘይተኣ ተመሊሶም ዘለዎም ተሰፋ ኣኻኺቦም፡ ሓደሽ መደባቶም ሓንጺጾም ንቕድሚት ክምርሹ ይጀምሩ፡ እንተ ተዓዊቶም'ውን ሓጎሶም የስተማቕሩ። ኩሉ ሂወቶም ላዕልን ታሕትን ዝበዝሖ እዩ፡ ዕድምኦም ከኣ ንምሕጓስ እዩ። ልክዕ ከም ሂወቶም ከኣ ሓጎሶም ላዕልን ታሕትን እያ ትብል።




ብኸምዚ ከኣ ሓጎስ ምስኦም ኣላ ክንብል ኣይንደፍርን።

ኣብ ሃይማኖትን እምነትን ተጸጊዖም ዝነብሩ'ውን ንባዕሎም ሕጉሳት ኢና ክብሉ እናጸንሐ፡ ኩሉ ነገርም ሃንደበት ተወጃቢሩን ኣንፈቶም ጠፊኢዎምን ዓወንወን ክብሉ ደርእዩ። ብርግጽ ሃይማኖት ምንጪ ሓጎስ እዩ፡ ነባሪ ሓጎስ ክርከቦ ከም ዝኽእል'ውን እዩ ዝእመን። ኣጠቓቕማኡ ግዲ ዘይክኣልናዮ ኮይንና ግን፡ ብዙሓት ሃይማኖታውያን ቀዋሚ ሓጎስ ክህቦም ኣይንዕዘበን። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ሃይማኖት ምንጪ ሓጎስ እምበር ውሕስነት ናይ ሓጎስ ዝህብ ስለዘይኮነ ክኸውን ይኽእል እዩ። መጽናዕቲ ከም ዝበሎ ግዱ ሃይማኖት ንናብራና ትርጉምን ዕላማን ይህብ፡ ከምኡ'ውን ክብርን ወግዕን ዝውሰኽ ምኻኑ ርጉጽ እዩ።

ሕጉሳት ሰባት ዝሁብዎ ዝተፈላለየ ምኽሪ፡ ግዜ ሓልዩ ዝሃብም ብምኻኑ፡ ብዙሓት እቲ ዘይሃምም ሓጎስ ንኽንረክብ ብሃንቀውታ ሃሰው ካብ ምባል ኣየቋረጽናን። ኣብ ዘዘመጸት ሓዳስ መዓልቲ፡ ሎሚ'ኸ ከመይ ኮን እውዕል እኸውን እሲ. ጸሎት ገይረ ክጅምር፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ እውን ይሕግዘ'ዩ ሰበይተይ ተሓጺብ ጸቡቕ ቁርሲ ተመጊበ ክጅምራ'ሞ ቅሰንቲ መዓልቲ ከውዕል፡ መጻቕቕሒ ቪድዮ ወይ ማዕዳ እንተ ሰሚዐ ሕጉስቲ መዓልቲ ክውዕል እየ ወዘተ እናበልና ብዙተኻእሉ ሕጉስቲ መዓልቲ ንምፍጣር ንፍትን። ዝበዝሐ ግዜ እውን እወታዊ ዝኾነ ወጽኢት ኢና ንረኽበሉ። ዕምሪ ናይ'ዚ ግን ክሱብ ዘራጋዊ ንጥፈታት ወይ ሓሳብ ዘጓንፈና እዩ ዝጸንሕ።

ብዙሓት ሊቃውንትን ምሁራትን "ሓጎስ ካብ ወሽጥኻ እምበር ካብ ደገ ክትረኽቦ ምፍታን ብላሽ እዩ" ክብሉ ሰሚዐን ኣንቢበን ኣለኹ። 'ሓጎስ ካብ ወሽጥኻ' ትብል ብልሂ ሓሳብ ሓቂን ግብራዊትን እኳ እንተ ኾነት፡ ንምትግባራ ግን ንቕሓትን ህልው ኣእምሮን ትሓትት። ናብራ ሓያልን ብደሆታት ዝመልኣን እኳ እንተ ኾነ፡ በቲ ዘለና ጸጋ እናኣማሰገና፡ ናብቲ ክንረኽቦ ንደሊ ነገር ክንጎዩ ከለና ዘጋጥመና ብደሆታት'ውን ሰላምና ክዘርገልና ከምዘይብሉ ንሓበሮና ኣእሚንና ህድኣት ክሰምዓ ንኽእል ኢና። ብዘመጸ ማዕበል ተገፊዕና ሰላምናን ሓጎስናን ዝዘርግ እንተ ኾይኑ ግን፡ ንባዕሉ ትርጉም ምንባርና'ውን ይቕየር ከም ዘሎ ክስተብሀል ይግብኣና። ሓደ ተወላዲ ኣርወይ ዝኾነ ሰረን ከርከጋርድ ዝበሃል ፈላስፋ፡ "ንሓጎስ፡ ነቲ ዘለካ ዘይተመላሰን ዘይሃጸረን ጉዳያት ተቐቢልካ፡ ዘለካ ኣጋጣሚ እናተጠቐምካን ቅንዕና ዘለዎ ሂወት እናመራሕካን ኢኻ ትረኽቦ" ኢሉ ነይሩ። ካብዚ መረዳእታ እምበር፡ ካብቲ ብዙሕ ገልጠምጠም ዝጠዘሉን ኣህላኽን ናብራና ወጺእና፡ ገዕዞና በቲ ዘለና ነቲ ዘይብልና ምርካብ ስለ ዝኾነ፡ ወሽጣዊ ሰላም ኣብ ወሽጢ ከም ዘሎ ኣሚንና፡ ነቲ ዘይብልና ንዋታዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ውሕስነት ክንረክብ ብምህቃን፡ ነታ ኣብ መዓሙቕ ወሽጥና ትርከብ ጨራ ሓጎስ ኣርሒቕና ከይንቕብራ ንቕሓትና ነደንፍዕ። ህድኣትን ምስ ማዕቦት ሂወት ምርድዳእን ንነበርና ንምዃር'ሞ፡ ምስታ ምንጪ ሓጎስ ዝኾነት ወሽጥና ብምዝርራብ፡ መተካኢታ ገልጠምጠምና ንግበር።

ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝተፈላለየ ተመኩሮን ሓሳባትን ስለ ዘለና፡ ብወገንኩም ሓጎስ ካበይ ደርኩብ ትብሉ መልሰኹም ክትሰዱ እናተላበኹ፡ ርሑስ ሓዳሽ ዓመት ይግበረልና!

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፧

<u>ሰራሕ ክፍለ</u>

<u>መበል 72 ክፋል</u>

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት፡ ሓድሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሰን ዝብል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝዩኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሀበ ምሕደራ ዓደ ኣቦ ከምዝነበራ ጠቒስና ድማ፡ ከም ኣብኡ ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ዕምማት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ከምኡ'ውን መትከል፡ ቅዋም፡ ደሞክራሲ፡ ህንጸት ሃገርን ሃገርነትን ዝብሉ ኣምራት እውን ብመጠኑ ተናኺፍና። መትከላት ፖለቲካዊ ስርዓትን ስርዓት ዋንነትን ኤርትራ ብመንጸር ጽሑፍ ክኢላ ስዑቁጠብ ፈረንሳዊ ቶማስ ፒከት ክንርእዮ ፈቲና። ብተወሳኺ ታሪኽ ኣመዓብላ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ሃገራት ምዕራብን ድኽመታቱን ኣብ ምርጫ ዝግበር ጸወታታትን ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

### ጽልዋ መወልትን ገበላን

ቻርለስ ሊቨንስቶን ንናይ ኣውስትራልያ ሴኔት (ፓርላማ) ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ (Charles Livingstone, PHD, Monash University, in a submission to an Australian Senate inquiry page. 78)፥ "ብ2,000 ዶላር ኣብ ዓመት ፖለቲከኛ፡ ብ100,000 ዶላር ኣብ ዓመት ሰልፊ፡ ብ200,000 ዶላር ኣብ ዓመት ከኣ ፖሊሲ ምግዛእ ይከኣል እዩ።" ይብል።

ኣውስትራልያ ሓንቲ ካብተን ብልሽውና ዘይብለን ዝበሃላ ሃገራት እያ። ትራንስፓረንሲ ኢንተርናሽናል (Transparency International) ኣብቲ ዓመታዊ ዘውጽኦ ጽሬት ሃገራት ዝግበር ቢጃላ፡ ንኣውስትራልያ መበል 11 ሰሪዑ ሓንቲ ካብተን ዝውሓደ ብልሽውና ዘለወን ሃገራት ዝበለን እያ። ናይ ቻርለስ ሊቨንስቶን ጸብጻብ ዝተጋሕ'ዩ ክበሃል ይከኣል ይኸውን፡ ትራንስፓረንሲ ኢንተርናሽናል ብዛዕባ ኣውስትራልያን ካልኦት ሃገራትን ትብሎ'ኹ ክሳብ ክንደይ ኑቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቀኛ ኩነታት ዝገልጽ'ዩ?

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ፖለቲካዊ ምወላ ፍሉጣት ሰድራቤት ኮቺ ይበሃሉ። ተራ ብሕታዊ ፖለቲካዊ ምወላን ጽልዋኡ ኣብ ፖሊሲን ምርጫን ብመጠኑ ንምግንዛብ ሓጺር ዳህሳስ ሰድራቤት ኮቺ ንመልከት።

### ጽልዋ ሰድራቤት ኮቺ

ፍረድ ኮቺ (1900 - 1967) ፍሉይ መስርሕ ምጽራይ ነዳዲ ዝመሃዘ ንኮቺ ኢንዱስትሪ ዘቖመ፡ ኣዝዩ በሊሕን ሃብታምን መሃንድስ እዩ። ድሕሪ ሞት ፍረድ ኮቺ ክልተ ካብ ደቁ ቻርለስን ደቪድን (ደቪድ ኣብ 79 ዓመቱ ብ23 ነሓሰ 2019 ዓሪፉ) ሃብቲ ሰድራቤት ኮቺ ተቖጻጺሮም ኣብ 2019 ኣስታት 219 ቢልዮን ኣታዊታት ዘለዎ፡ ልዕሊ 120,000 ሰራሕተኛታት ዘለውዎ ካልኣይ ዝዓበየ ኢንዱስትርያዊ ትካል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መስሪቶም። እዞም ክልተ ኣሕዋት ብሓፈሻ ብሰድራቤት ኮቺ ዝጽውዑ ዝያዳ ኩሉ መወልቲ ሰልፊ ሪፓብሊካን ኮይኖም ቀንዲ ፖለቲካዊ ግዳሰኦም ከኣ ኣንጻር ምዕባይ መንግስታዊ ንጥፈታት፡ ምቅዋም ከቡብያዊ ድሕነት ዝጠልብ ሕጊን ኣገባብን፡ ኣንጻር ምምሕያሽ ገበናዊ ፍርዲ ወዘተ. እዮም። ኑቲ ናቶም ፖለቲካዊ ዕላማ ንምዕዋት ከኣ ሕጊ ምርጫን ካልእ ፖሊሲታት መንግስቲ ዘፍሽል (circumvent) ኣገባባትን ትካላትን - ትካል ረድኤት፡ ጸለውቲ ፖለቲካዊ ውድባት (think tanks)፥ በርጌሳዊ ማሕበራት፡ ማሕበራት ቢዝነስ - ኮታ ኣሎ ዝበሃል ብቐጥታ፡ ብሽርክነት ወይ ብተዘዋዋሪ የቘሙ። ገለ ካብኣተን (Americans for Prosperity, Citzens for Sound Economy, Cato Institute, Federalist Society, Freedom Partners, ወዘተ.) ብሓጺሩ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣሎ ኣብ ዝበሃል ዓቃባዊ ምትእኽኻባት ብገለ መልክዕ ኢድ ኣለዎም።

እዘን ብዝተፈላለየ መልክዕን ቅርጽን ዝሰርሓ ትካላት፡ ዕላማኣን ብቐንዱ ፖሊሲን ምርጫን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ፖለቲካውን ቁጠባውን ረብሓ ሰድራቤት ኮቺን ካልኦት ደረት ኣልቦ ሃብታማትን ምርግጋጽ እዩ። እዚ መርበብ ሰድራቤት ኮቺ ባራክ ኦባማ ንካልኣይ ግዜ ከይምረጽን እንተ ተመርጸ ከኣ ድሕሪኡ ዲሞክራት ፕረዚደንት ንኸይምረጽን ካብ 2009 – 2016 ልዕሊ 889 ሚልዮን ዶላር ከምዘፍሰሰ ይፍለጥ።



"I'm sorry. Senator. I didn't realize you were meeting with a lobbyist."

ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ስልጣን ምስ መጸ ዝወሰዶ ስጉምቲ ካብ ናይ "ፓሪስ ከቡብያዊ ውዕል" ምውጻእ ይኹን፡ ምፍቃድ ዳህሳስ ነዳዲ ኣብ ተኣፋፊ ቦታታት፡ ምፍራስ ዝተፈላለዩ ሕጋጋትን መምርሒታትን ድልየት ሰድራቤት ኮቺን ተምሳሎምን ንምርዋይ እዩ ዝነበረ።

ኣብ ዓለም ዝሃብተሙ 25 ሰድራቤታት 1.1 ትርሊዮን (1,100 ቢልዮን) ዶላር ሃብቲ ኣለዎም። ካብዚኦም ካልኣይ ዝሃብተሙ ሰድራቤት ኮቺ 98.7 ቢልዮን ዶላር ይውንኑ። ኣህጉር ኣፍሪቃ ብምልእታ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊኣ 1.3 ትሪልዮን ዶላር እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ናይ 25 ሰድራቤት ኣታዊ ዳርጋ ክንዲ ናይ መላእ ኣፍሪቃ ዓመታዊ ሓፈሻዊ ሃገራዊ ኣታዊ እዩ። ሰድራቤት ኮቺን መዘናኡን ኣብ ሃገሮም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ዓለም መን ኣብ ስልጣን ይመጽእ እንታይ ፖሊሲ ይወጽእ ክእዝዙ ምድላዮም እምበኣር ዘገርም ኣይኮነን።

ኣብ ላዕሊ ኣብኡት ሰድራቤት ኮቺ ዘለዎም ጽልዋ ኣብ ሰልፊ ሪፓብሊካን ጥራይ ኢና ርኢና፡ ንሰልፊ ደሞክራሲ ዝጸልዉ ካልኦት ብሕታዊ መወልቲ ከም ዘለዉ'ውን ክዝንጋዕ የብሉን።

### ጽልዋ ገበላ (Lobbyst)

ቃል ብቓሉ ሎቢ ኮሪደዮ ማለት እዩ። ዘመናዊ መዝገበ ቃላት ትግርኛ፡ ብተኽእ ተሰፋይ ኮሪደዮ ናብ ኣዳራሽ ክፍሊታት ወዘተ. ዝመርሕ ኣብ ውሽጢ ህንጻ ዝርከብ መተሓላለፊ ኢሉ ይገልጾ።

ብኽልሰሓሳቡ፡ ኣብ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካ ምዕራብ ገበላ (ሎቢ) ረብሓ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ ንምርግጋጽ ፖሊሲ ንምጽላው፡ ፖለቲከኛታት ሓገዝቲን ፈጸምትን ኣካላት ንምእማን፡ ፈራዶ ንምጽላው ዝግበር ሕጋዊ ምንቅስቓስ እዩ። በዚ ክልሰ-ሓሳባዊ ትርጉሙ'ዚ ከኣ፡ ንፖለቲከኛታት ቅድሚ ፖሊሲ ምውጽኦም ርእይቶ ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ንምስማዕ፡ ፖሊሲ ድሕሪ ምትግባሩ ድማ፡ ሳዕቤኑ ንምፍላጥ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። የግዳስ ከም ኩሉ ነገር ኣብ ደሞክራሲን ፖለቲካን፡ ክልሰ-ሓሳብን ተግባርን በበይኑ እዩ።

ገበላ ኣብ ፖለቲካ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ እምነት'ውን ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ እዩ። ኣብ 16 ክፍለ ዘመን ማርቲን ሉተር ምስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዘበኣሶ "ብገበላ ሓጥያት ይድምሰስ እዩ" ዝብል ትምህርትን ተግባርን ካቶሊካዊ ቤተ ክርስትያን እዩ (ብኻልእ ኣበሃህላ ኣብ መሬት ዝፈጸምካዮ ገበን፡ ኣብ መሬት ንቤት ክርስትያን ገንዘብ ከፊልካ መንፈሳዊ ሓጥያትካ ብተኣምር ደምሲስካ ኣብ መንግስተ ሰማይ ምእታው ይከኣል እዩ፣ ንዝብል ትምህርቲን ተግባርን ቤተ ክርስትያን ስለ ዝተቓወመ'ዩ፡ በዚ ርእይቶኡ'ዚ ካብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዝተባረረ)።



ሰባት ብሓባር ምንባር ካብ ዝጀምሩ ብገለ መልክዕ ውልቀሰባት ወይ ጉጅለ ድልየቶም ትጽቢቶም ንኽሰማዕ ንሓለፍቲ ካብ ወግዓዊ መጋባእያ ወጻኢ ሓሳቦም ክገልጹን ክጸልዉን ይፍትኑ ነይሮም እዮም። ገበላ ንቡር ክፋል ማሕበራዊ ናብራ እዩ። ይኹን'ምበር ምስ ምምስራት ዘመናውያን ሃገራትን ምትካል ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲን፡ መልክዕ ይኹን ባህሪ ገበላ ጨሪሹ ተቐይሩ እዩ።

ኣብ ጥንቲ ኣብ ሓንቲ 50 ወይ 100 ገዛኦ ዝቑጽራ ንእሽተይ ዓዲ ሓለፍቲ ጉዳይካ ንኽሰምዑ ኣብ ኣፍደገ ኣዳራሽ ወይ ኣብ ጎልጎል ብኸፊ ምዝራብ፡ መማቕርቲ ዕላል ብቑልቲ ወይ ስዋ ምግባዙ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘለዎ ክሳራ ውሑድ ኮይኑ፡ ብቐሊሉ ከኣ ኩሎም ገዛኦ ዝርእዩዎ ወይ ዝሰምዕዎ ጉዳይ'ዩ ነይሩ።

ሳዕቤን ዘመናዊ ገበላ ብዛዕባ ቁንጣሮ ረብሓ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ ጥራይ ዘይኮነስ ብዛዕባ ዕድል ኣማኢት ሚልዮናትን ካልኦት ሃገራትን እዩ። ሰድራቤት ኮቺ ፖሊሲ ከቡብያዊ ድሕነት ንምጽላው ዝገበሩዎ ገበላ፡ ብዛዕባ ሪፉይነሪኦም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሮ ብከላ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ገለ ሃገራት ንኣብነት ኣብ ኣፍሪቃ ደርቂ፡ ኣብ ካልእ ከኣ ንኣብነት ሽኒያ ዕልቕልቕ ማይ ዘስዕብ ጉዳይ እዩ።

በዚ ለሚ እንፈልጦ፡ ገበላ ሓውሲ ፖለቲካዊ ምንዝርና እዩ። ከም ኩሉ ዓይነት ምንዝርና ከኣ ኣብ ገበላ ኢድ ዝቕይር ገንዘብ ብልክዕ ምፍላጥ ኣሸጋሪ ኮይኑ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብወግዒ ዝፍለጥ ወጻኢታት ቢልዮናት ዶላራት እዩ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣስታት 13,000 ገበላ ትካላት ሃለዉ፡ ንገበላ ዝለዓለ ወጻኢ ዝውብራ ከኣ መድሃኒትን ሓለዋ ጥዕናን ዘፍርያ ትካላት እየን፡ ልዕሊ 300 ሚልዮን ዶላር ኣብ ዓመት ምኻኑ እዩ።

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ 535 ኣባላት ባይቶ ኣለዉ - 100 ኣባላት ላዕለዋይ ገዛ (ሴኔት)፥ 435 ከኣ ኣባላት ታሕተዋይ ገዛ (ህዝባዊ ባይቶ)። ኣብቲ ፈጻሚ ኣካል ብፕረዚደንት ተሓጺዮም ብላዕለዋይ ባይቶ ዝጸድቁ 15 ሚኒስተራት ኮይኖም፡ ስልጣን ዝሕዝ ሓድሽ ፕረዚደንት ኣስታት 4,000 ላዕለዎት ሓለፍቲ ክመዝዝ ይኽእል፡ ካብዚኦም ከኣ 1,200 ብላዕለዋይ ገዛ ክጸድቁ ኣለዎም።

ኣብዚ ብዙሕ ዝገርም ነገር ንዕዙቡ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንፍሲ ወከፍ ኣባል ባይቶን ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲን ብማእከላይ ገምጋም 3 ገባሎ ኣለዉ (ኣብ ሕ.መ.ኣ ላዕለዎት ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ኣካላት ኣስታት 5,000 ሰባት ኮይኖም ናይ ገበላ ትካላት 3 ዕጽፎም እየን)። ኣብ ተግባር ገባሎ ትካላት ኣብ ኣየናይ ጉዳይ ንኣየናይ ላዕለዋይ ሓላፊ የተኩራ ኣጸቢቐን ይፈልጣ እየን። ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብኮሚተታት ስለ ዝሰርሕ፡ ከምኡ'ውን እቲ ፈጻሚ ኣካል ብሚኒስትሪታትን (ዲፓርትመንት) ኣብ ትሕቲኣን ከኣ ዝተፈላለያ ኮሚተታን ስለ ዘለዋ፡ እተን ገባሎ ትካላት ንመን 'ይገዝኣ' ብልክዕ ይፈልጣ እየን፡ ንኣብነት ኣፍረይቲ መድሃኒትን መሳርሒ ጥዕናን ናይ ገበላ ቀንዲ ኣተኩሮኣን፦

1. ኣብ ላዕለዋይ ገዛ ንሓለዋ ጥዕና ዝምልከት ኮሚተታት (Health, Education, Labor, and Pensions)፥ ኣብ ታሕተዋይ ገዛ ከኣ ንኡስ ኮሚተ (Labor, Health and Human Services, Education and Related Agencies)

2. ኣብ ፈጻሚ ኣካል ንሚኒስትሪ ጥዕናን ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ኮሚሽናትን፡ ብዓል መዚ፡ ኮሚተታትን (U.S. Department of Health and Human Services.)

3. ካልኦት ቀጥታ ተራ ዘለዎም ኣካላት መንግስቲን ዘይመንግስታዊ ትካላትን

ብሓጺሩ ኣብ ዓመት ዘውጽእኦ ልዕሊ 300 ሚልዮን ዶላር ንገዚር ዕላማን ንገዚራት ኮሚተታትን ሓለፍትን ዝቐንዐ እዩ። እዘን ኣፍረይቲ መድሃኒትን መሳርሒታት ሕክምናን ንገበላ ብዝገብራኦ ወጻኢ፡ ኣብ ፖሊሲ ጥዕና ኣመሪካ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዓለም እንታይ መድሃኒት ይሸየጥን ብኽንደይ ዋጋን ክውሰና ይሕግዘን።

ይቕጽል . . .

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ንጥፈታት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣብ 2025

ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት

ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ታሕሳስ ናይ 2025፡ ሓፈሻዊ ኣበ'ታ ዓመት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዝተዓመመ ኣብ ማሰርሒ ምዝዛም ዝርከቡን ንጥፈታት ንምድህሳስ፡ ብስራሕ ናብ'ቲ ንኡስ ዞባ ተንቀሳቒስና ነይርና። ካብዚ ብምብጋስ፡ ምስ ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ናይ ዘካየድናዮ ቃለ-መሕትት ጸማቕ ትሕዝቶ ይስዕብ።

ሓደ ካብ ዓበይቲ ብደሆታት ኣበ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ንምፍትሑ ወትሩ ዝጸዓረሉ ዘሎ፡ ቀረብ ዝስተ ማይ እዩ። ኣብ 2025 ብዕቱብ ካብ ዝተሰርሓሎም ንጥፈታት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ሓደ ነይሩ። ዓዲብርሃም፡ ቤተጨን፡ ዳምባምቄ ዝርከብኦን ገለ ካብተን ብሕጽረት ማይ ዝሸገራ ምምሕዳር ከባቢታት ናይቲ ንኡስ ዞባ እየን። ካብኡ ናብኡ፥ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዳምባ ምንጭ ምሕር ዝተሸገሩ እዮም።

ነበርቲ ናይ ማይ ሽግርም ተረኺዩ ኣብዚ እዋን'ዚ ክልተ ዓበይቲ ዒላ ተኻዒተን ኣለዋ። መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ድማ ብደረጃ መንግስቲ ዝለዓለ ኣቓልቦ ተዋሂብዎ መጽናዕቲ ይካየደሉ ኣሎ። እዚ ከምዚ እናኾነ ውሕስነት ጽሩይ ዝስተ ማይ ህዝቢ ናይቲ ንኡስ ዞባ ንምርግጋጽ፡ እቲ ጸዕሪ ብቐጻሊ ይስራሓሉ'ኳ እንተሎ፡ ህዝቢ ብጊደኡ ዘለዎ ጸገም ናይ ማይ ንምቅላል፡ ብዙም ተጠርጊፉ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ግደኡ ክጻወት ስለ ዘለዎ ኣብቲ ማሰርሒ ከም ዝሳተፍ ይግበር። መንግስቲ ድማ ነቲ ብዓቕሚ ህዝቢ ክትግበር ዘኽእል ዕማም፡ (ፖምፓታት፡ ድሪል ይኹን ካልእ) ከም ዘማልእ እናተገበረ፡ ብእወታ ዝገለጽ ኹነታት ዘመዝገበ ብኣብነት ዝጥቀሳ ዓዲታት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣለዋ። ከተማ ዓዲ-ኳላ'ውን ብጸገም ናይ ማይ ዝተጸልወት እያ። 95 ሚእታዊት ነበርቲ ከተማ ዓዲ-ኳላ ብጦጦ ዝስቲ ዘለዉ። ነቲ ጸገም ንምቅላል፡ መብዛሕትኡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣርባዕተ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ኮይኑ ዘሎ ካብ ምንጪ ማይ፡ ናብታ ከተማ ተዘርጊሑ ኣገልግሎት ዝህብ ዝነበረ መስመር ሻምብቆታት ማይ፡ ንምጽጋን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ብዓቕሙ ዝቐየር እናቐየረ፡ ዝጸገኖ'ውን እናጸገነ ብዙሕ ሰራሕ'ኳ እንተዓመመ፡ መሰረታዊ ፍታሕ ክርከቦ ግን ቁልሕታ መንግስቲ ከም ዘድልዮ ትግንዘቡ።

ካልእ፡ ኣብ 2025፡ ኣብ ገለ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይቲ ንኡስ ዞባ ዝጸንሐ ጸገም ጽሬት መሕጸቢ ኣድ ንምፍታሕ ብዘወጸ መደብ ማሰረት፡ ኣብ ቀጽሪ ኣርባዕተ ኣብያተ-ትምህርቲ (ክልተ ኣብ እንዳገርግስ፡ ሓንቲ ኣብ ዓዲ-ኳላ፡ ሓንቲ ድማ ኣብ ቤት ገብረኤል) ብኣስታት 1.5 ሚልዮን ናቕፋ፡ ካብዚ እቲ 90 ሚእታዊት ብመንግስቲ፡ ዝተረፈ 10 ሚእታዊት ድማ ህዝቢ ዋንነት ክሰምዖ ተባሂሉ ባዕሉ ከም ዝሸፍኖ ዝተገብረ፡ ክምገልኡ ዘለዎም ሓደ-ሓደ ነገራት ጉዲፍና፡ ባኒታት ማይን ካልኦት ንዕኡ ዘገልግሉ ነገራትን ተጻፊፎም ኣለው። እቲ ሰራሕ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ዝተጻፈፈሉ ድማ፡ ነቲ ዝነበረ ሕቶ ጽሬት ኣብ ምምላስ ዓቢ ፍታሕ ክኸውን'ዩ። ግዱ እዘን ዝተጠቕሳ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ውሕስነት ዘህበን ኣብ ከባቢአን ምንጪ ማይ ስለ ዘይብለን፡ እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ቀረብ ናይ ማይ፡ ብጦጥ እናምጻእካ ኣብ ባኒታት ብምዕራቕ'ዩ ክኸውን።

ጉዳይ ዓይኒ-ምድሪ ኣብ'ተን ኣብያተ-ትምህርቲ እውን፡ ካብ ኣቓርቦት ናይ ማይ ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብተን ኣብ እንዳገርግስ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ቀደሚ ሕጂ ዝነበረ'ሞ ተበላሺዩ ኣብ ኣገልግሎት ዘይጸንሐ፡ ምስ መሻርኽቲ ብምትሕብባር ኣብ ኣጋ ምዝዛም ዝበጽሐ ጽገና ይግበረሉ ኣሎ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዓዲ-ኳላ'ውን ተመሳሳሊ ሓላፊ ዝርአ ጽገና ዝጠልብ ተርእዮ ንምፍዋስ ይሰርሓሉ ኣሎ። ባጀት፡ ምሕደራን ኣተሓሕዛን ናይዞም ዝተሰላሰሉን ኣብ ምስልሳል ዝርከቡን ንጥፈታት ጽገና ዓይኒ-ምድሪ ንበሎም ምውዳድ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲን መሻርኽቲን'የም። ንምሕደራ ናይቲ ዕማም ዝምልከት፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ እናተደጋገፈ ነቲ ሰራሕ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሓሉ ዘሎ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ'ዩ። እቲ ሰራሕ ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዝዛዘም ምክትታል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣይክፍለዮን እዩ።

ካልእ፡ ኣብ 2025 ከም ኹነታት ናይ ምዕባለ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዝርአ ዝርግሐ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ'ዩ። ምንጪ ሓይሊ መብራህቲ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ከም ኩለን ከተማታት፡ ሓወሲ ከተማታትን ዓዲታት ሃገርና ካብ ሕርጊጎ'ዩ። ጉደናታት ከተማ ዓዲ-ኳላ ብጹሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ መብራህቲ ስለ ዝተዘርግሓሎም ኣበ'ዚ ጸገም የለን። ቀደሚ ሕጂ ዓዲታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ውሑዳት ጉዲፍና ኣገልግሎት መብራህቲ ኣይጸንሐን። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ዝበዝሓ ዓዲታት መብራህቲ ከእትዋ ተበጊሰን ኣለዋ። ክሳብ ሕጂ 13 ዓድታት ኣትዩወን ኣሎ። 24 ዓድታት ከኣ ናብ ዓደን ዘእቱ ኣዕኑድ ኤሌክትሪክ ተራጊፉለን ኣሎ። ኣብ 2026 ከኣ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክ ንክኾና ትጽቢት ይግበር። ሕቶ ተጠቃምነት ናይተን ብኣቀማምጣአን ፍንትት ዝበላ ዓድታት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ግን ምስ ናይ መጻኢ መደብ መንግስቲ ብዘይምታ ዝርአ ምኻኑ፡ መግለጺ ኣቶ ተስፋይ የጸርር።

ጽልዋ ጸዓት ኣብ ማሕበራዊ ሕብረት-ሰብ ዘርብ ኣይኮነን። ዕንጸይቲ ከኣ ሓደ ካብ ጭኡታት ምንጪ ጸዓት እዩ። ምንጪ ጸዓት ዝጠዝሕ ሕብረተሰብና ድማ ኣብ ዕንጸይቲ'ዩ ዝምርኮስ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ገረብ ከይቁረጽ ብዘወጽአ መምርሒ መንግስቲ ማሰረት፡ ዕንጸይቲ ጋዶ ይኸውን ምህላዉ፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኦም ደጺገሙ ምህላዎም ዘለራረብናዮም ወገናት ገሊጾም። "ቀደሚ ሕጂ ንተጠቃሚ ክልተ ኩንታል ዕንጸይቲ ይፍቀዳሉ ነይረ። ሕጂ ግን እዚ'ውን ደው ስለ ዝበለ 'ስለምንታይ?' ዝብል ካብ ህዝቢ ቀጻሊ ሕቶ ከም ዝቐርበሎም ዝገለጹ ኣቶ ተስፋይ፡ ነቲ ኩነታት ምስ ዝምልከቶም ብቐጻሊ ዝዘራረብሉ ጉዳይ ምዃኑ ኣረዲኦ።

ሓቂ'ዩ ገረብ ክጥጥዕን ክለምዕን ዕንጸይቲ ምሻጥ ደው ክብል ኣለዎ። ማሰርሒ ምሻጥ ዕንጸይቲ ደው ክብል እንተ ደኣ ኮይኑ ግን ቀረብ ኣማራጺ ናይ ጸዓት ክህሉ ከም ዘሎ ኣየካትዕን። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ምስ መብዛሕቲ ናይ ሕብረተሰብ ኣዛሚደካ ክትርእዮ፡ ጸገም ጸዓት ዝፈጥሮ ጽልዋ፡ ሰብ ንምዝሓኡ ክሽገር ኢኻ ትዕዘብ። ብኣንጻሩ ተጠቃምነት ዕንጸይቲ ልዑል ቁጽጽር ክግበረሉ ካብ ዝጀምር፡ ገለ ከባቢታት ንምርኣየም ባህ ዘብል፡ ናብ ናይ ቀደም ህይወቶም ተመለሶም ዱር ዝተቐየሩ ምህላዎም ይጥቀስ። ብርሰት ብምልኣት ተገቲኡ፥ መሬት ከምቲ እንደልዮ ሓምላይ ክትለብስ ግን ቀረብ ጸዓት ዝውሓሰሉ ሜላ ምንዳይ የድሊ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዘጋንፍ ዘሎ ጸገም ዕንጸይቲ ከም መፍትሒ፥ ብህዝቢ ናይቲ ንኡስ ዞባ ወግሓ ጸብሓ ዝቐርብ ዘሎ ሕቶ፥ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፥ ኣብ ቃጽያኡ ቀላሚጦስ ክተኽል ዝብል'ዩ። በዚ መሰረት፡ እዚ ሕቶ ካብ ዝምልከቶ እወታዊ መልሲ ንምርካብ ህዝቢ ኣብ ትጽቢት ይርከብ።

መጋቢ ብስራሕ፥ ሽግራት ዜጋታት ኣብ ምፍታሕ ግደኡ ዓቢ እዩ። ኣብ ሃገር ዝጸንዕ ክፉል ናይቲ ስራሕ ብመጋቢ ዝቐደድ ንጥፈት፡ ምስ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ተኣሳሲሩ ዝርአ'ዩ። እዚ ድማ ከትሪታትን ዛላታትን ብምስራሕ ይሰላሰል። እቲ ወፍሪ ህዝቢ ስራሑ መነባብሮ ሽግራቱ ኣብ ምፍታሕ ግደኡ ዕዙዝ'ዩ። እዚ ማሰርሒ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ብፍላይ ኣብ ቆላታት ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ገለ እዋን ኣዝመራ ይድንጉ ኣብ ገለ እዋን ድማ ማይ ስለ ዝጠዝሕ፥ እቲ ዝሕፈስ እቶት ወይ ምህርቲ ኣተባባዒ ስለ ዘይኮነ፥ እዚ ብደሆ'ዚ ተረኺዩ መጋቢ ብስራሕ ብዙሕ'ዩ ተሰሪሑሉን ዝሰርሓሉ ዘሎን። ንኣብነት፡ ኣብ ከባቢ ግዛ መደባይ ዝሰፍሐ መሬት ሕርሻ ናይቲ ከባቢ፥ ኣብ ሃገራዊ ሕዝእቲ ጥምጥመ ስለ ዝኣተወ "እዚም ህዝቢ እንታይ ይኾኑ" ተባሂሉ፥ "ዕድል ስራሕ ንመጋቢ ይፈጥሩሎም" ተባሂሉ ክወፍሩ ጀሚሮም። እንተኾነ ናይቲ ዝሰርሕዎ ክወጽኦም ዝኾኦ እኽሊ ደንጉ-ይዎም ኣብ ምጽባይ ከም ዝርከቡ ገሊጾም።

ካልእ፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ኳላ ቀደሚ ሕጂ ነይሩ ብስራ ብልሽት ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ኮይኑ ዘሎ'ሞ፡ ኣብ መጻኢ ክፍታሕ ዝሕተተሉ ዘሎ፡ መሕረዲ ጥሪት'ዩ። ምስኡ ከኣ፡ ንዘሎ ጸበብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ፡ ኣብ ሸነኽ ምዕራብ ናይታ ከተማ ዝርከብ 'ፍሾ' ብዝብል ዝጽዋዕ ኣብ ግዜ ኢጣልያ 1934 ከምኡ'ውን 1936 ከም ዝተሃንጸ ዝነገረሉ ህንጻ ጽገናታት ገይርካ ቤት ጽሕፈት ንኡስ ዞባ ናብኡ ንምቕያር፡ ምስ ዝምልከቶ ብቐጻሊ ይዝረበሉ'ኳ እንተኾነ፥ ትግበረኡ ከይሰለጠ ዝቐጸል ዘሎ ምዃኑ፥ መብርሂ ኣቶ ተስፋይ ኣጸሪሩ።

ተጠቃምነትን ዝርግሐን ዓይኒ-ምድሪ ኣብ ዓድታት ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዝበዝሓ ዓድታት ተጠቀምቲ ክኾና ክኢለን ኣለዋ። እዚ ወፍሪ'ዚ፥ እቲ ንኡስ ዞባ ሓደ ካብቲ ዝተዓወተሉ መደብ ኢልካ ክጥቀስ ይክኣል። በዚ ድማ መደብ 'ደገ ቀልቀል ካብ ምውጻእ ናጻ' ናይ ምእዋጅ ዝተረፎ ከም ዘየለ ዘረድአ ኣቶ ተስፋይ፥ እቲ ተራፋ ዘሎ ኣብ ወሽጢ ከተማ ዓዲ-ኳላ ዓይኒ-ምድሪ ክትሰርሓሎም ዘይጥዕም ወይ ኣጸጋሚ ኣብ ዝኾነ ጉዳጉዲ ዝተጨቓጨቐ መንበሪ ኣባይቲ ምዃኖም ጠቒሱ፥ ነቲ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ከባቢታት ዝነብር ህዝቢ ዘገልግሉ ኣርባዕተ ህዝባውያን ዓይኒ-ምድሪ ንምስራሕ መደብ ተታሒዙ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክሰለጥ ጸዕርታት ይካየድ ምህላዉ ኣረዲኡ። ኣብ 2025፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ኳላ ካብ ዝተሰላሰሉ ንጥፈታት ካልእ፥ ምዝርጋሕ ቀዋሚ ተለፎን'ዩ። እዚ ድማ ንምዕባለ ንቕድሚት ካብ ዘደፍኡ ኣጉዳሲ መቕድሮ እዩ።

ካልእ ኣብዚ ብፍሉይ ክጥቀስ ዘለዎ፡ ጉዳይ ሓይሊ መብራህቲ ሓወሲ ከተማ እንዳገርግስ'ዩ። እዛ ሓወሲ ከተማ፥ ኤሌክትሪክ ካብ ዘይኣተወን ከባቢታት ንኡስ ዓዲ-ኳላ ሓንቲ'ያ። ሕቶ ኑዱዪን ካልእ ወጻኢታትን ባዕሎም ዝሽፍኑ፥ መንግስቲ ጀነረተር ናይ ኤሌክትሪክ ከኣትወሎም ወግሓ ጸብሓ ሕቶ ነበርቲ ናይታ ሓወሲ ከተማ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ዝምልከቶ ኣካል ንሕቶኦም ቁልሕታ ሂቡ እወታዊ ምላሽ ክህቦም ድማ ኣብ ትጽቢት ይርከቡ። ንመብራህቲ ናይታ ሓወሲ ከተማ ዝምልከት ግን፥ ሕቶ ኣዕኑድ ናይ ኤሌክትሪክ እንተ ዘይኮይኑ፥ ሶላር ክግበረላ ጸገም ከም ዘይብሎም ኣቶ ተስፋይ ኣጺሩ።

ህይወት 85 ሚእታዊት ህዝቢ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፥ ምስ ሕርሻን መጓሰን ዝተኣሳሰረ'ዩ። ዝተረፈ ኸኣ፥ ኣብ ንግዲ፥ ሸቐለትን ካልእን ብዓቕሙ ፋሕተርተር እናበለ መነባብሮኡ ከመሓይሽ ዝጽዕር ህዝቢ'ዩ።





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ብሽክለታ

ሎሚ 1 ጥሪ ሓዲሽ ዓመት 2026፥ ፈላሚት ዕለት ናይ ሓዲሽ ዓመት ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም እያ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ናይ ዕረፍቲ ግዜ እዋን ከኣ፡ ብርክት ዝበሉ ተቐዳደምቲ ካብን ናብን ዝተፈላለየ ክለባት ተሰጋጊሮም እዮም፣ ገለ ከኣ ምስ ዝበፁወን ክለባት ውዕሎም ኣሐዲሶም። ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ብወገኖም፡ ገለ ምስተን ዝበፁወን ውዕሎም ከሐድሱ እንከለዉ፥ ገለ ናብ ካልኦት ተሰጋጊሮም።

ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝውዳደሩ ዝበሩ'ውን፡ ምስተን ዝተፈላለየ ደረጃ ዘለወን ክለባት ተጸምቢሮም ኣለዉ። እቲ ዝዓበየ ድማ፡ ተቐዳደምቲ ክለብ ዓራግ ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ናብ ጀርመናዊት ክለብ ካንዮን/ስራም ዞንዳክሪፕት ዝተሰጋገረቶ እዩ።

ሞናሊዛ፡ ምስዛ ንዓብይ ጋንታ እትምግብ ኮንቲነንታል ክለብ፡ ክሳብ 2027 ዘጽንሕ ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ፈሪማ ኣላ። እዛ ጓል 22 ዓመት ትስፍውቲ ተቐዳዳሚት፡ ምስዛ ናይ ዩሲኣይ ደረጃ ዘለዋ ክለብ ውዕል ድሕሪ ምፍራማ፡ "ኣካል ናይ'ዛ ጋንታ ምዃነይ ኣዝዩ ተሓጒሰ ኣለኹ። ኣብ ቀዳማይ ወቕቲ፡ ብዙሕ ክመሃርን ኣብቲ ዝዓበዩ ጸወታታት ተወዳዲረ ክኸውንን ትጽቢት ኣለኒ። ጽቡቕ ውጽኢታት ከመዝግብ ድማ ዓሊመ ኣለኹ፡" ኢላ።

ሞናሊዛ ናይዚ እዋን ንኤርትራ ወኪላ ኣብ ናይ ዩሲኣይ ክለብ ተጠርኒፋ እትውዳደር እንኮ ተቐዳዳሚት ክትኸውን እያ - ውድድራ ምስ ጀመረት። ኣብ ዝስዕቡ እዋናት ከኣ፡ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ከምዚ ዕድል ረኺበን ናብዚ ደረጃ ብምብጻሕ፡ ንብዙሓት ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ከበግሳኦ ትጽቢት ይግበር።

ካብ ውሽጢ ናብ ናይ ደገ ክለብ ዝሰጋገር ተቐዳዳማይ ከም ዝኾነ'ውን ይሕበር፣ ተፈጻሚ ምስ ኮነ ክንሕብር ኢና።



መዋእል ግርማይ

**ካብ ዝበፁወን ክለባት ናብ ካልእ ዝተሰጋገሩ**

ንዝሓለፉ ጸምዲ ዓመታት ምስ መጋቢት ዓባይ ጋንታ ኢንተርማርች ዝኾነት ዋንቲ ነገ ክውዳደር ዝጸንሐ መዋእል ግርማይ፥ ምስ ቱርካዊት ክለብ ኢስታንቡል ቲም ተጸምቢሩ።

ምንኣስ ሓዉ ንቢንያም ግርማይ ዝኾነ መዋእል፡ ምስዛ ጋንታ ንሓደ ዓመት 2026 ክውዳደር እዩ ተሰማሚዑ ዘሎ።

ኣብዛ ጋንታ፡ ጉዱም ተቐዳዳማይ ናትናኤል ብርሃነ ኣቐዲሙ ክሳብ 2027 ዘጽንሖ ውዕል ፈሪሙ እዩ። ከም ብዓል ዓወት ኣማን ጴጥሮስ መንግስቱ መትከል እዮብን ኣብዛ ዓመት ምሳኣ ክውዳደሩ ምኳኖም ይግለጽ።

ብመጽናዕ ኣብዛ ጋንታ ዝበረ ኤሽን የማን ከኣ ብናይ ሓደ ዓመት ውዕል ናብ ባይክ ኤይድ ተሰጋጊሩ። ኣብ 2024ን 2025ን ኣብ ጋንታ ዘልግሓ ዩኤል ሃብተኣብ'ውን ንኻልኣይ ዓመቱ ክጸንሕ ውዕሉ ኣናዊሑ። ካልእ ሓዲሽ ተቐዳዳማይ ናብዛ ጋንታ ምጽምባሩ'ውን ይሕሙ፥ ወግዓዊ ምስ ኮነ ክንቐርቦ ኢና።

ንፈተነ . . .

ናይ ኣስቤካ ተቐዳዳማይ ናታን መድሃኔ ኣብ ዩሲኣይ ክሰልጥን ዝሓለፎ ያፈት መልጌታኑ ንሓደ ወርሒ ንፈተነ ናብ ናይ ዱባይ ኮንቲነንታል ጋንታ ከምርሑ እዮም።

ጽቡቕ ዕድል ንኹሉም ተቐዳደምትና!



ሞናሊዛ ኣርኣያ

## ኢምረ፡ ስለምንታይ ንኣርቴታ ሰላም ዘይበሎ ኣብሪሁ

ዓሰሚ ኣስቶን ቪላ - ኡናይ ኢምረ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ሰሉስ ምሸት ጸወታ ኣንጻር ኣርሰናል ምዝዛሙ፥ ንኣሰልጣኒ ሚካኤል ኣርቴታ ሰላም ዘይበሎ ምኽንያት ገሊጹ።



ኣርሰናል፡ ኑቲ ኣብ ሜዳኣ ዘካየደቶ ወሳኒ ናይ መበል 19 ሰሙን ጸወታ ፕሪመር ሊግ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብዘመዝገበተን ሸቶታት 4ብ1 ተዓዊታ። ምስ ድሕሪኣ ዘላን ሓንቲ ነጥቢ ጸወታ ዘለዋን ማን ሲቲ ዘለዋ ፍልልይ ከኣ ናብ ሓሙሽተ ነጥቢ ክብ ኣቢላ፡ መሪሕነታ ኣደልዲላ። ሲቲ፡ ሎሚ ምሸት፡ ናብ ሳንደርላንድ ተጓዒዛ ክትጻወት እያ።

ድሕሪ ምዝዛም'ዛ ጸወታ፡ ከምቲ ልሙድ ዓለምቲ ክልተኦን ክለባት ናይ ኢድ ሰላምታ ክገብሩ እኳ እንተነበሮም፥ ኢምረ ብቀጥታ ናብ መቐየሪ ክፍሊ ብምምርሑ፥ ሰላም ኣይተበሃሃሉን።

ኢምረ፡ ስለምንታይ ንኣርቴታ ሰላም ከይበሎ ከይዱ ኣብ ዝተሓተተሉ ከኣ፥ "እንተርኢኹምዎ፡ ኩሉ ግዜ ድሕሪ ጸወታ ብቐልጡፍ ከይደ እየ ሰላም ዝብል። ተጸቢየ እየ፣ ብርግጽ ኣርቴታ ተሓጒሱ እዩ ነይሩ። ስለዚ ንውሽጢ ክኣቱ ወሲነ፣ ከምቲ ናትይ እንተዘይገይሩ ክጸብ ኣይክእልን እየ፣ ምኽንያቱ፡ ኣብ ደገ ቁሪ እዩ ነይሩ፡" ክብል፡ ምስ ኣባላቱ ንዘጸምበል ዝበረ ኣርቴታ ዝኸውን ዓቅሊ ከምዘይብሮ ገሊጹ።

ገለ ተኸታተልቲ፡ ንምኽንያት ኢምረ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ክቃወሉላ ጀሚሮም ኣለዉ። ሓደ ካብኦም ድማ፡ "ሓወይ 90 ደቓይቕ ኣብ ቁሪ ደው ኢልካስ፥ ን10 ካልኢት ምጽባይ ዘይከኣል ኮይኑካ" ክብሎ እንከለዉ፡ ካልእ ከኣ፡ "ጋንታኡ እንተተሰዕር ነይራ፣ ሻሂ እናሰተየ ኮፍ ምበለ ነይሩ፡" ኢሉ ጽሒፉ።

ኣርሰናል፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብተኸታታሊ ካብ ጋብሬል ማጋሌስ፡ ማርቲን ዘብመንዲ፡ ለኣንድሮ ትሮሳርድን ጋብሬል ጀሱስን ብዘረኸበተን ሸቶታት እያ፡ ኣብ መበል 94 ደቒቕ ካብ ኣሊ ዋትኪንስ እኳ ሸቶ ንዘረኸበት ቪላ 4ብ1 ኣዕንያ ሕነኣ ፈዲያ። ቪላ፡ 6 ታሕሳስ ንኣርሰናል ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ 2ብ1 ሰዒራታ ነይራ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣርሰናል፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ሜዳኣ ኣብ ዘካየደቶም ዝተፈላለዩ ውድድራት፡ 15 ግጥማት ከይተሳዕረት (13 ዓወታት ክልተ ማዕረ) ን2025 ተፋንያታ ኣላ።

## ሆይሉንድ፡ ብቐዋሚ ናብ ናፖሊ . . .

ብልቓሕ ካብ ማን ዩናይትድ ናብ ናፖሊ ተሰጋጊሩ ዝጻወት ዘሎ - ራስሙስ ሆይሉንድ፡ ብቐዋሚ ተጻዋታይ ናይዛ ክለብ ክኸውን እዩ።



ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ክረምቲ ንኣጥቃዕቲ በንጃሚን ሸሽኮ ማቲያስ ኩንያን ብርያን እምበሞን ምስ ዓደገት፥ ሆይሉንድ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ሰዓታት መስርሕ ምስግጋር፡ ናብ ናፖሊ ብልቓሕ ግዒዙ። ንዩናይትድ ሽዱሽተ ሚልዮን ዩሮ ዝኸፈለታ ናፖሊ፡ ብቐዋሚ ክትገዝኦ ግዴታ ነይሩዋ። እዚ ግን፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘለትዋ ደረጃ ሓዚ ምስ እትዛዘም ጥራይ እዩ። ኣብ ሰሪኣ ሳልሰይቲ ብምህላዋ'ውን ተውሒሶ ትማስል - ወላ'ኳ ገና እንተሎ።

እዚ ደኒማርካዊ፡ ኣብዛ ወቕቲ ኣብ ጋንታ ዝመሰጠ ብቕዓት ኣብ ምርኣይ ይርከብ፥ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መበል 12 ናይ ሰሪኣ ጸወታኡ፥ ሻዱሻይቲ ሸቶኡ ኣመዝጊቡ፣ ልዕሊ'ቲ ኣብ ምሉእ ዓመተ-ስፖርት 2024-25 ምስ ዩናይትድ እንከሎ ዘመዝገቦ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ሸቶታት እዩ። እዛ ጋንታ፡ 18 ታሕሳስ ንኤሲ ሚላን ረቲዓ ዋንጫ ሱፐር ኮፓ ኢጣልያ ክትዕትር ድማ፡ ሓንቲ ሸቶ ብምምዝጋብ፡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ።

ከም ውጽኢቱ ብሸኽ መጉዳእቲ ንዘጸለ ሮሜሉ ሉካኩ ክትክኦ ኢሉ ዘምጽኣቶ ክለብ፡ ኣዝዩ ማሰጠዋ ይርከብ፥ በዚ ድማ ኑቲ ደረጃ ትሓዞ ኣይትሓዞ፡ ብኸኡ እንከሎ፡ 38 ሚልዮን ፓውንድ (43 ሚልዮን ዩሮ) ከፊላ ቀዋሚ ኣባል ክትገብሮ ተቓሪባ ኣላ። "ወግዓውነት ክሉብስ ጥራይ እዩ ተሪፍዎ" ድማ ይብል ስፖርት ዳይረክተር ናይዛ ጋንታ ጂያኒ ማና። ንጸወዒት ኣንቶንዮ ኮንተ (ዓሰሚ ናፖሊ) 'ኢየሩል' ክብሎ ከምዝዩከኣለ ዝገለጸ እዚ ተጻዋታይ፥ ድሮ ንኩበሱ ቀዋሚ ተጻዋታይ ናፖሊ ሓሰብዋ ምህላዉ'ውን ማና ወሲኹ።

## ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ፈሊሙ

ዘዋሪት ዋንጫ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል፥ ሰሉስ 30 ታሕሳስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ፈሊሙ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ትሸዓተ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ'ን ሸውዓተ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥንን ዝካየድ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ እዩ።

ኣብቲ ዕለት፡ ፈለማ ንጉዳዊ ጣኺ ኤርትራን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ተጻዊተን። ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ መበል 64 ደቒቕ ብመገዲ ርቤል ሃብተማርያም ብዘረኸበታ ሸቶ 1ብ0 ተዓዊታ።

ግጥም ምምሕዳር ጉዳይፍን ኣልታሕረር 'ቢ'ን ሰዒቡ ተኻይዱ። ጉዳይፍ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ብመገዲ የውሃንስ ማስፍን ብዘረኸበታ ሸቶ 1ብ0 መሪሓ እኳ እንተነበረት፡ ኣልታሓርር 'ቢ' ኣብ መበል 44 ደቒቕ ካብ ዩኤል ዳኒኤል ብዘረኸበታ ሸቶ ተመዓራርየን ናብ ዕረፍቲ ወጺአን።

ኣልታሕረር 'ቢ'፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 75ን 85ን ደቓይቕ ደጊሙ ዩኤል ዳኒኤል ብዘመዝገበን ክልተ ሸቶታት ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3ብ1 ተዓዊታ። ዩኤል ከኣ ሃትሪክ ሰሪሑ።

ሳልሳይ ግጥም ናይቲ ዕለት፡ ደንደን 'ቢ' ኣንጻር ምምሕዳር ገዛ ጥኑዓ ዘካየደቶ ነይሩ። ክሳብ ጸወታ ክዛዘም 10 ደቓይቕ ጥራይ ዝተረፈ ሸቶ ዘይተመዝገቦ እዚ ጸወታ፡ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ግና፡ ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታ ደንደን ፍጹም ቅላዕ ረኺባ መድሃኔ ሰፈ ናብ ሸቶ ቀዪሩዋ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 88 ደቒቕ እውን ካብ ሓየሎም ሃብተማርያም ሸቶ ወሲኻ 2ብ0 ተዓዊታ።

በዚ ውጽኢት፡ ዕወታት ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፡ ኣልታሕረር 'ቢ' ከምኡ'ውን ደንደን 'ቢ' ናብ ዝቐጽል መድረኽ ሓሊፈን ኣለዋ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሓሙስ 01 ጥሪ 2026፡ ምምሕዳር ማይ ተመናይ ምስ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን 1፡30 ድ.ቀ፥ ኣዱሊስ ምስ ቀይሕ ባሕሪ 3፡30 ድ.ቀ ብዘካይዳኦ ግጥማት፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክቕጽል እዩ።



## መደብ ጸወታ

ሎሚ መበል 19 ሰሙን ፕሪመር ሊግ

ክሪስታል ፓላስ - ፉልሃም 8፡30 ድ.ቀ
ሊቨርፑል - ሊደስ 8፡30 ድ.ቀ
ሳንደርላንድ - ማን ሲቲ 11፡00 ድ.ቀ
ብረንትፎርድ - ቶተንሃም 11፡00 ድ.ቀ

## ዜና ብሓጺሩ

* ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝጸንሐ ሮድሪ ከም እተመልሰ ሎሚ ምስ ሳንደርላንድ ኣብ ዝካየድ ግጥም ድማ ገለ ደቓይቕ ክጻወት ከምዝኽእል ዓሰሚ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ ገሊጹ።
* ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል - ጆኦ ካንሰሎ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ናብ ኤውሮጳ ክምለስ ከምዝኽእል ተገሊጹ። ኣብ ማን ሲቲ እንከሎ ኣተኣላዪ ዝበረት ባርሰሎና ከኣ መልመልቱ ክትከውን ትኽእል እያ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያ፡ ፈጣን ሚሳይል ኣብ ቤላሩስ ተኺላ

ሩስያ፡ ‘ኦረሽኒክ’ ዝተባህለ ልዕሊ ፍጥነት ድምጺ ዝጎዓዝ ሚሳይል ኣብ ቤላሩስ እናተኸለት ዘርኢ ተንቀሳቓሲ ምስሊ ከም ዝዘርገሐት ተሓቢሩ።

እዚ ስጉምቲ'ዚ፡ ሩስያ ኣብ መጻኢ ክህሉ ኣብ ዝኽእል ግጭት ንኤውሮጳ ዒላማ ናይ ምግባር ዓቕሚ ክሕይል ዝኽእል ምዃኑ ተገሊጹ።

መንግስታዊ ኣገልግሎት ዜና ሩስያ ‘ታስ’ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዘውጽኦ ጽብጻብ፡ እዚ ንፈለማ እዋን ንህዝቢ ዝቐረበ ተንቀሳቓሲ ሚሳይል ኦረሽኒክ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ብወገኑ፡ እቲ ልዕሊ 10 ዕጽፊ ፍጥነት ድምጺ ዝጎዓዝ ሚሳይል፡ ብዘየኖ ይኹን ጸረ ሚሳይል ክዕገት ወይ'ውን ክብርዕን ከም ዘይክእል ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ ሰኑይ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዩክሬን ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ሩስያ - ዞባ ኖቭጎሮድ ኣብ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ፑቲን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ከሲሱ ነይሩ።

በዚ ድማ፡ ሩስያ፡ ንቲ ብኣስታት 100 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዝተኻየደ ፈተነ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ተሪር ወተሃደራዊ ግብረ መልሲ ብምሃብ ሕነ ክትፈዲ ምዃና ኣጠንቂቓ ኣላ።

ይኹን'ምበር፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ነቲ ብሩስያ ዝቐረበ ክሲ ከም ዘይጸገ ኣይርሳዕን።

ተንተንቲ ከም ዝሕብርዎ፡ ሚሳይላት ኦረሽኒክ ኣብ ቤላሩስ ምጽዋድ፡ ኒዩክለሳዊ ኣጽዋር ሩስያ ናብ ዒላማታት ኤውሮጳ ክበጽሕ ንዝወስዶ ግዜ ከሕጽሮ ይኽእል እዩ።



## ጀርመን - ክቡር ኣቑሑን ገንዘብን ተዘሚቱ

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ጀርመን ኣብ ዝርከብ ጨንፈር ባንክ ስፓርካስ ሰረቕቲ ብዝፈጸምዎ ስርቂ፡ 30 ሚልዮን ዩሮ (35 ሚልዮን ዶላር) ዝግመት ጥረ ገንዘብን ካልእ ክቡር ኣቑሑን ከም ዝዘመቱ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ኣፈኛ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር፡ ነቲ ዝምታ ምስታ ኣብ ሆሊውድ ዝተሰርሐት ናይ ስርቂ ፊልም ‘ኦሸንስ ኢለቨን’ ድሕሪ ምምሳል፡ ብኣዝዩ ዝተጸንዐ መንገዲ ከም ዝተፈጸመ፡ ንኣገልግሎት ዜና ኤይኤፍ.ፒ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

ኣብቲ ኣብ ከተማ ጌልሰንኪርቸን ኣብ ዝርከብ ባንክ ዝተፈጸመ ዝምታ፡ እቶም ሰረቕቲ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ሳናዱቕ ሰቢሮም ብምኽፋት፡ 105 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ክቡር ኣቑሑ ከም ዝዘመቱ ተሓቢሩ።

ምስ'ቲ ዝምታ ብዝተኣሳሰር ዛጊት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝኣተወ ጥርጡር ከም ዘየለ ዝሓበረ ፖሊስ ጀርመን፡ እቶም ሰረቕቲ ነቲ ጸምው ዝበለ ቅንያት በዓል ልደት መዝምዝም ነቲ ባንክ ከም ዝዘመትዎ ገሊጹ።

ኣፈናዊ መርመራታት ከም ዝሕብሮ፡ እቶም ሰረቕቲ በቲ ኣብ ጥቓ እቲ ባንክ ዝርከብ መዕሸጊ መካይን ኣቢሎም እዮም ናብቲ ህንጻ ኣትዮም።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ'ቲ ባንክ ዝተዘርግሐ ሓበሬታ፡ እቲ ጨንፈር ባንክ ድሕሪ'ቲ ዝምታ ንዘይተወሰነ እዋን ተዓጽዩ ክጸንሕ ምዃኑ የመልክት።



ባንክ ስፓርካስ፡ 95 ሚእታዊት ካብ ሳናዱቕ ዓማዊሉ ብእቶም ሰረቕቲ ከም ዝተኸፍቱ፡ ብዙሓት ዓማዊሉ ብቲ ፍጻመ ናይ ምጽላው ተኽእሎኦም ኣዝዩ ልዑል ምዃኑን ገሊጹ ኣሎ።

## ቡርኪናፋሶ፡ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ናይ ቪዛ እገዳ ኣንቢራ

ቡርኪናፋሶ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኣመሪካ ናይ ቪዛ እገዳ ክትገብር ከም ዝወሰነት፡ መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰሉስ ኣፍሊጡ።



ቡርኪናፋሶ ነቲ ኣቐዲሙ ብመንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ዜጋታታ ዝተኣበረ ተመሳሳሊ እገዳ መልሰ ግብሪ ንምሃብ እያ ዚ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ።

እቲ ውሳኔ ቡርኪናፋሶ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር፡ ልኡላዊ ማዕርነት ሃገራትን ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ንዘሎ ሓድሕዳዊ ምልውዋጥ ሕግታትን ዘለዋ ተወፋይነት ዘረጋግጽ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ውሳኔ ኣብ መንጎ ወተሃደራውያን መንግስታት ምዕራብ ኣፍሪቃን ኣመሪካን ዘሎ ዘይምቅዳው መሊሱ ይኸርር ከም ዘሎ ዘመልክት ምዃኑ፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣመሪካ፡ ካብ 1 ጥሪ 2026 ጀሚራ ንዜጋታት ቡርኪናፋሶ ቪዛ ምሃብ ምሉእ ብምሉእ ከም እተቋርጽ ዝሓለፈ 16 ታሕሳስ ኣፍሊጣ ምንባራ ኣይርሳዕን።

## ታይላንድ፡ 18 ምሩኻት ካምቦድያ ናጻ ለቒቓ



ታይላንድ፡ ካብ ዝሓለፈ ሓምለ ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትያቶም ንዝጸንሐት 18 ምሩኻት ወተሃደራት ካምቦድያ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ናጻ ከም ዝለቐቐቶም ተሓቢሩ።

ታይላንድ እዚ ስጉምቲ ዝወሰደት፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዶብተን ዘሎ ግጭት ከብቅዕ ዝተረዳድኣሉ ስምምዕ እዩ።

ታይላንድን ካምቦድያን ኣብ'ቲ ዘዩዳኦ ን20 መዓልታት ዝቐጸለ ደማዊ ግጭት፡ ካብ ክልቲአን ሃገራት ብውሑዱ 101 ሰባት ከም ዝተቐተሉን ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ድማ ካብ መረበቱ ከም እተመዛበለን ይፍለጥ።

እቶም ወተሃደራት ዝሓለፈ ሰሉስ ናጻ ክልቀቑ እኳ እንተ ነበሩ፡ ታይላንድ “ካምቦድያ ንስምምዕ ምቁራጽ ተጻቢኣ ዝጥሕስ ተግባራት ፈጺማ” ዝበል ክሲ ብምቕራብ እያ፡ ነቲ መደብ ኣደናጒዩቶ ጸኒሓ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ካምቦድያ፡ እቶም ወተሃደራት ን155 መዓልታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ታይላንድ ከም ዝጸንሑን ዝሓለፈ ረቡዕ ድማ ንኽልቲአን ሃገራት ብዝራኸብ መፈተሺ ነቑጣ ኣቢሎም ናብ ሃገሮም ከም እተረከቡ ኣብሪሁ።

ኣቐዲሙ ተኸሲቱ ዝነበረ ግጭት ታይላንድን ካምቦድያን ብመንጎኛነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር ማሌዥያ ኣንዋር ኢብራሂምን ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ደው ድሕሪ ምባሉ፡ እንደገና ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዳግማይ ከም ዝተወልዐ ኣይርሳዕን።

## እስራኤል፡ ናይ 37 ‘ትካላት ረድኤት’ ፍቓድ ሰሪዛ

መንግስቲ እስራኤል፡ ኣብ ቓዛን ኣብ ዝተጎበጠ ምዕራባዊ ገማግምን ዝሰርሓ 37 ትካላት ረድኤት፡ ብመሰረት ሓደሽ ሕግታት ምዝገባ ዘድሊ ረቛሒታት ኣየማልኣን ብምባል ፍቓደን ክሰርዞ ምዃኑ ኣፍሊጡ።



ከም ኣክሸንኤይድ፡ ኣህጉራዊ ኮሚቴ ምድሓን ህይወትን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ኖርወይን ዝኣመሰላ ፍሉጣት ኣህጉራውያን ዘይመንግስታዊ ትካላት፡ ገለ ካብ'ተን ዝጸንሓን ፍቓድ ካብ 1 ጥሪ ዝድሰክል ኮይኑ፡ ስርሐን ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ከብቅዕ እዩ።

እስራኤል፡ እተን ትካላት ረድኤት፡ ምሉእ ዝርዝር ሰራሕተኛታተን ከረክባ ከም ዘይከኣላ እያ ትኸስስ።

እስራኤል ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ፡ ብሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ እትርከበን 10 ሃገራት ብኸቢድ ተነቒፉ ኣሎ።

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ካናዳ፡ ዴንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ኣይስላንድ፡ ጃፓን፡ ኖርወይ፡ ሽወደንን ስዊዘርላንድን ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ንጥፈታት ዘይመንግስታውያን ትካላት ረድኤት ብጉዴታ ደው ምባሉ፡ ኣብ ተበጺሕነት ክንክን ጥዕና ሓዊሱ ኣገደስቲ ኣገልግሎታት ከቢድ ጽልዋ ከም ዘሕድር ኣጠንቂቖም።

እቶም ሚኒስተራት፡ “እቲ ሓደሽ ሕጊ ገደብ ዘለዎን ፈጺሙ ቅቡል ዘይኮነን እዩ” ክብሉ'ውን ኣገዚዞም።

ወሲኾም ድማ፡ ሰብኣዊ ኩነታት ቓዛ ኣሰቃቒ ኮይኑ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጽ፡ መንግስቲ እስራኤል፡ ዘይመንግስታውያን ትካላት ረድኤት ብዘላቐን ክትግምቶ ብዘይክኣልን መንገዲ ክሰርሓ ከም ዝኽእላ ክረጋግጽ ጸዊዖም።